# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

ልሳን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ

DEMOKRASIAWIT ERITREA
OFFICIAL ORGAN OF E.L.F.R.C

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ክልተ ወርሓዊ መጽሔት

ሕታም ቍ.73 ሓምለ-ነሓሰ 2006



ምዩቕ ከይበልና ድምጽና እነስምዓላ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንህነጽ!

## ትሕዝቶ                                                                  ገጽ


1. ርእሰ-ዓንቀጽ
   ምምስራት ሰልፊ
   ካብ ውሳኔታት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰ-ባይቶ .......1-4

2. ደምዳሚ ኣዋጅ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ............................4-7

3. ጸብጻብ ፈስቲቫላት ..................................................................7-12

4. ኣብ መበል 21 ሰፊሕ በዓል ኤርትራ
   ብኣ/መ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝቐረበ ቃል ውድብ ..............12-16

5. ቃል ተሓኤ ሰ-ባይቶ
ኣብ መስመሪ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ .................16-17

6. ናይ ደገፍ መልእኽትታት ናብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ................17-20

6. ዜናዊ ጸብጻብ ......................................................................20

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ምምስራት ሰልፊ

### ካብ ውሳኔታት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

**ስለምንታይ'ዩ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ክሳዕ ሕጂ ናብ ሰልፊ ክይተሰጋገረ ጸኒሑ?**

**1. ስርዓት ኤርትራ ንብዙሕነት ዘተባብዕ መርሆ ስለዘይውንን፡-**

ኣብ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ጥዑይ ፖለቲካዊ ሃዋህው ሰፊኑ ነይሩ እንተዝኸውን፤ እቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንምልጋስ ቈይሙ ዝነበረ ናይ ሓርነት ግንባራት ብኡ ንብኡ ናብ ሰልፍታት ኢዩ ክሰጋገር ዝግብኦ ነይሩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ'ዚ እምነት'ዚ ተበጊሱ፡ ድሕሪ ናጽነት ምስ'ቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝሓዘ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ንምልዛብ ቅሩብነቱ ምግላጹ ዝዝከር ኢዩ። እዚ ጥራሕ ውን፡ ዘይኮነ፡ ምርጫኡ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ምዃኑ ገሊጹን፥ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምውጋእ ተሓንጊጥዎ ዝጸንሐ ብረት ዕማሙ ኣብቂዑ'ዩ ካብ ዝብል እምነት ከምዘውረደ ውን ብወግዒ ኣፍሊጡን ኢዩ።

እንተኾነ ግን፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝጨበጠ ስርዓት ኢሳያስ፡ በቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ካብ ህዝብን ጕረባብቲ ሃገራትን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን ዝረኸቦ ሞራላውን ንዋታውን ደገፉት ሰኺሩ ስለዝነበረ፡ ነዚ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝወሰዶ ቅዱስ ተበግሶ ከም ሕመቕ ብምግምጋም፡ ኣብ ናይ ቅንጸላን ማእሰርትን ምንእኣስን ምንጽጻግን ናይ ስልጣንን ሃብትን ምብሓትን መርሆታቱ ቀጸለ። ንተቓወምቱ ብሓይሊ ንምድሳስ ከኣ፡ ኵሉ ኣሎ ዝብሃል ፖለቲካውን ፕሮፓጋንዳውን ዲፕሎማስያውን ቍጣባውን ወተሃደራውን ጸጥታውን ዓቕምታቱ ተጠቕመ። ብሓጺሩ፡ ኢሳያስን መጋባበርያታቱን ብናይ ዘመናዊ መንግስቲ ኣተሓሳስባ ዘይኮነስ፤ ብናይ ሰውራን ናይ በረኻ ስነ-ሓሳብን ክቕጽሉ መረጹ። ነዊሕ ከይከደ ግን፡ ተቓወምቱ ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ህዝብን ኣባላትን ደገፍቲ ህዝባዊ ግንባርን ውን ከይተረፉ ግዳይ ናይ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኰኑ። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ሰልፍታት ዘየፍቅድ፡ ብቅዋምን ብሕግን ዘይምእዘዝ፡ ስልጣን ዘየካፍል፡ ንኵሉ ዓይነት ፍልልያት ብሓይሊ ክፈትሕ ዝፍትን ግጉይ መርሆ'ዚ ድማ፡ ናይ ህዝብን ናይ መራሕትን መሰረታትን ህዝባዊ ግንባር ነበርን ተቓውሞታት እናዓኾኸ መጸ።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ'ዚ ቅልውላዋት'ዚ ንምህዳምን ንቈላሕታ ህዝቢ ናብ ካልእ ንምስሓብን ምስ ጕረባብቱ ዙርያ ምላሽ ውግኣት ኣባርዐ። ንፍሽለታቱ ንምሽፋን ከኣ፡ ንተቓወምቱ ዋላ ነቶም ኣብ ጐድኑ ተሰሊፎም ክሳዕ ናጽነት ዝተቓለሱ ብጾቱ ብክሕደትን ብልሽውናን ካልእ ዘይረብሕ ክስታት ብምቕራብ ክኣስርን ክቕንጽልን ተራእየ። እዚ ኵነታት'ዚ ተደማሚሩ፡ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ሓይሊ ቛንቛ ጥራሕ'ዩ ዝርዳእ፤ ብሰላማዊ ኣገባብን ብልዝብን ለውጢ ክመጽእ ኣይክእልን'ዩ ዝብል ዕግበት ሰፊሕ ባይታ ከምዝረክብ ገበረ። ኤረ! ብዕጡቕ ተጋድሎ ወይ ድማ፡ ብዓመጻዊ ኣገባብ ዘይምእማን፤ ከም መዐቀኒ ናይ ምቅዋምን ዘይምቅዋምን ስርዓት ኢሳያስ ዝተቈጽረሉ መድረኽ ውን ነይሩ። በዚ፡ ውድብና ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝብል ስም

ሒዙ ክቕጽልን፤ ነቲ ብጽቡቕ ድሌት ኣውሪድዎ ዝነበረ ዕጥቂ እንደገና ክስከምን ተገደደ።

2. ምፍንጫላት ዝፈጠሮ ህልኸት፡-

ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘጋጥም ዝነበረ ምፍንጫላት፡ ብመን ነቲ ናይ ቅድሚ ምፍንጫል ዝነበረ ናይ ሓባር መጸውዒ ስም ይሕዝ ዝብል ምስሕሓባትን ህልኸን'ዩ ክስነ ጸኒሑ። እዚ ምስሕሓባት'ዚ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ካልእ ናይ መፈላለዪ ነጥብታት ተደማሚሩ፡ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ብሓባር ንኸይሰርሑ ክዓናቕፍ ዝጸንሐ ረቛሒ ምዃኑ ኣሉ ክበሃል ዘይክኣል ሓቂ ኢዩ። ብዙሓት ተቓወምቲ ውድባት፡ ካብ ቅድሚ ናጽነት ይኹን፤ ካብ ናጽነት ንድሓር ኣትሒዞም ክሳዕ 2006 ብናይ ቅድም ክብል ዝጽውዕሉ ናይ መዋእል ሓርነታዊ ተጋድሎ ስምን ክጽውዑ ይርከቡ ምህላዎም ውን ጭቡጥ ምስክርነት ኢዩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ድማ፡ ብናይ ብዙሓት ውሳኔ ዘይምምእዛዝን፤ ኣብ ኣስማት ተንጠልጢልካ ናይ ምንባርን ዝፈጥሮ ዘይጥዑይን ዘይብሱልን ፖለቲካዊ ድሌትን ኢዩ።

3. ምቕያር ናይ ስም፡ ንሰዓብትና ከደናግሮ ኢዩ ዝብል ስግኣት፡-

ልክዕ'ዩ፡ ብውድባት ዝግበር ናይ ስም ምቅይያራት ንግዚኡ ገለ ምድንጋራት ይፈጥር ይኸውን። እንተኾነ ግን፡ ንህዝቢ ዘገድሶ እቲ ውሱን ፖለቲካዊ ውድብ ዘመሓላልፎ መልእኽትን ብግብሪ ዝዋስኣሉን ዕላማታትን ደኣ'ምበር ኣስማቱ ጥራሕ ከምዘይኮነ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ህዝቢ፡ መን ረብሓኡ የረጋግጸሉ ደኣ'ምበር፡ መን እንታይ ስም ሒዙ፡ ኣይኮነን ዘገድሶ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ስም ብምልዋጥ ዝፍጠር ምድንጋራት ዘላቒ ኣይኮነን። ህዝቢ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ኣብ'ቲ ረብሓይ የረጋግጽ'ዩ ዝበሎ ውድብ ምዕሳሉ ኣይተርፎን ኢዩ። ኣብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ ህዝቢ ብመላኡ ባይታ ናይ'ተን ዝወዳደራ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ሎሚ ንሓደ ሰልፊ ክድግፍ ጸኒሑ፡ ጽባሕ እዚ ሰልፊ'ዚ ንረብሓይ ዘገልግል ኣይኮነን ኣብ ዝብል ዕግበት እንተደኣ በጺሑ፡ ንኻልእ ሰልፊ ክድግፍ ከም ዝኽእልን መሰሉ ምዃኑን ክእመነሉ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ። ኣብ ፖለቲካ፡ እዚ ክፍሊ ናይ ሕብረተ-ሰብና ንዘልኣለም ናተይ፡ እዚ ከኣ ናትካ'ዩ ዝብሃል ነገር የለን።

4. ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ዝነበረ ምስጢራዊ ሰልፍታት፡-

ኣብ ተሓኤ ይኹን ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ወይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ዝነበረ ምስጢራዊ ሰልፍታት፡ ዘረጋገጽዎ ዓወታት ይኹን ዝፈጸምዎ ጉድለታት ብዘየገድስ፥ ኣብ'ቶም ኣባላት ናይ'ዘን ሰልፍታት እዚኣተን ዘይነበሩ ተጋደልቲ፡ ስለምንታይ ኣነ ዘይሕበር ወይ ድማ፡ ኣነ ህይወተይ እንዳኸፍልኩ ስለምንታይ ዘይእመን ዝብል መረረታት ፈጢሩ ኢዩ። እዚ መረረታት'ዚ፡ ርትዓዊ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ዝምስረት ሰልፊ ክፈጥሮ ዝጸንሐን ጌና ውን ዝፈጥሮ ዘሎ ጥርጣሬታት ብቐሊል ዝጥመት ኣይኮነን። ናይ ሰልፊ ምምስራት ሕቶ ኣብ ዝለዓለ እዋን፡ ግንባርና ወይ ጀብሃና ይሕሸና፡ እዚ ሰልፊ'ዚ ፋሕ ከብለና'ዩ ዝብል ስግኣታትን ድምጽታትን ክቀላቐል ከምዝጸንሐ ውን ዝስሓት ኣይኮነን።

ሕጂ'ኸ፡ እንታይ ሓድሽ ነገር ስለዘሎ ኢዩ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ሰልፊ ንምምስራት ዝጽውዕ ዘሎ?

ኣብ'ዘን ድሕሪ ናጽነት ዝሓለፋ 15 ዓመታት፡ ንፍለጦ ወይ ኣይንፍለጦ ብዘየገድስ፡ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባ ዓበይቲ ለውጥታት ክምዝገቡ ተራእዮም ኢዮም። ብቐዳምነትን ልዕሊ ኵሉን ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኵሉ ብስም ሓፋሽ ዝምሕልን ዝጥሕልን ሓይልታት ንረብሓ ህዝቢ

ዝቼመ ማለት ከምዘይኰነ፡ ካብ ተመኵሮኡ ክርዳእ ምኽኣሉ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ዝተቘራረጸን ሓድነት ዘይብሉን ናይ ተቓውሞ ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ለውጢ ከምጽእ ከምዘይክእል ተገንዚብዎ ኢዩ። ስለ'ዚ ውን ኢዩ፡ ዝበዝሐ ክፋል ካብ ህዝብና፡ ካብ ስርዓት ኢሳያስ ይኹን ካብ ተቓወምቲ ርሒቑ፡ ናይ ተዓዛባይ ቦታ ሒዙ ክጓዓዝ ዝጸንሐ። እዚ ኵነታት'ዚ፡ ኣብ ኣተሓሳብ ናይ'ቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ይኹን ኣብ ተቓውሞ ዝርከቡ ሓይልታት ዝፈጠሮ ተጽዕኖታት ኣለዎ። ምምስራት ናይ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ወይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ይኹን፥ ኣብ ውሽጢ'ቲ ገዛኢ ስርዓት ብ2001 ዓ.ም እተጓሃሃረ ናይ ለውጢ ጠለባትን ምንቅስቓሳትን ድማ ውጽኢት ናይ'ዚ ተጽዕኖታት'ዚ ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኰነን። ሎሚ፡ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ዝነበሩ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ተሰሊፎም ነቲ ስርዓት ዝምክትዎ ሓይልታት ምህላው ድማ፡ እኹል ምስክርነት ናይ'ዚ ሓቅታት'ዚ ኢዩ። ኣብ ንታሪኻዊ ጒዳያት ዝምልከት ዘሎ ናይ ርእይቶ ፍልልያት ብዘየገድስ፡ መጻኢ ኤርትራ ከመይ ይኹን ኣብ ዝብል ሕቶ፡ ኣብ መንገ'ቶም ካብ ተሓኤ ይኹን ካብ ህግሓኤ ዝመንጨዉ ውድባት፡ ብሓባር ከሳርሕ ዘይኽእል ናይ ስነ-ሓሳብ ፍልልይ የለን እንተተባህለ ምግናን ኣይኰነን። መብዛሕትኦም ኣብ ዓለምና ዝተራእዩን ጌና ውን ዝርኣዩ ዘለዉ ሰልፍታት፡ ኣብ ዝኽተልዎ ፖሊሲታት ፍልልያት ዘይብሎም ኣይኰኑን። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ ሓደ ሰልፊ ክነሱ፡ ጸጋም የማን ማእከል ዝብል ናይ ዝንባሌታት መለለዪ እናተዋህቦም ብሓባር ከም ሓደ ሰልፊ ክሰርሑ ዝርኣዩ። ናይ 5 ወይ 10 ወይ 20 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሚኢታዊ ፍልልያት እናሃለዎም ክነሶም፡ ሓደ ሰልፊ ኰይኖም ንዝበዝሐ ሓባራዊ ዕላማታቶም ንምዕዋት ሓደ ኢድ ኰይኖም ከምዝቓለሱ ምግንዛብ የድሊ። ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ፡ ኣብ ኤርትራ ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ተቐባልነት ዘለዎ ሰልፊ ንምምስራት ዘኽእል ምቹእ ባይታ ኣሎ ዝብል እምነት ኣሕዲርና ምህላውና ከነረጋግጽ ንፈቱ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ነቲ ክሓልፍዎ ዝጸንሑ ናይ ምፍንጫላትን፡ ካብኡ ስዒቡ ዝመጽእ ኣብ ኣስማት ዝግበር ዝነበረ ምስሕሓባትን ህልኻትን ሰጊሮም፡ ናብ ሓድነትን ሓቢርካ ምስራሕን መድረኻት ምእታዎም፡ ኣብ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኦም ዓቢ ለውጢ ከምዘመዝገቡ ዝሕብር ኣዎንታዊ ስጕምቲ ኢዩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፡ ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባርን፡ መስመሪ ጒባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፡ ብሓባር ዘሳርሕ ጒዳያት ንምድህሳስ፡ ኣብ መንጐ ውድባት ዝግበር ዘሎ ቀጻሊ ርኽክባትን ልዝባትን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። እዚ ውን፡ ተመሳሳሊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባት ናብ ምምስራት ሓደ ሰልፊ ንኽበጽሑ ዝሕግዝ ረቋሒ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝብል ስም፡ ምስ'ቲ ዝሓለፍናዮ መዋእልን ኣንጻር መግዛእቲ ዘካየድናዮ ቃልስታትን ደኣ'ምበር፤ ምስ'ዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘሎና መድረኽ ግጥምያ ምእንቲ ፍትሕን ሰላምን ማዕርነትን ዲሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ዝሳነ ስም ኣይኰነን። ዲሞክራሲ ስርዓት ንምዕዋት ዝግበር ቃልስታት፡ ነቶም ብተመኵሮ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሓለፉ ዜጋታት ጥራሕ ዝምልከት ዘይኰነስ፡ ንኹሎም ኣብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ረብሓ ዘለዎም ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ውድባትን ጒጅለታትን ዜጋታትን፥ ብፍላይ ድማ፡ ነቲ ሓድሽ ወለዶ ዝምልከት ስለዝኾነ፡ ሓድሽ ሰልፊ ብሓድሽ ስም ምምስራቱ፡ ኣድላዪነቱ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ ሎሚ ዝዓዘዘ ኢዩ። ነዚ ንምግባር ዘኽእል ምቹእ ባይታ ውን ኣሎ ኢልና ንኣምን።

## ውሳኔ 6ይ ሃገራዊ ጒባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ካብ'ዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ፡ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጒባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዝመሳሰል ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባትን ጒጅለታትን፤ ከምኡ ውን፡ ንዲሞክራሲ ዝሕለቑ ዜጋታትን ማሕበራትን ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ንኽምስርቱ ክብገሱ ጸዊዑ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ ጒባኤ'ዚ ናብ ሰልፊ ከምእተሰጋገረ ክእውጅ ዝኽልክሎ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት'ኳ እንተዘይነበረ፤ ነቲ ብሓደ

ውድብ ዝብገስ ምስረታ ናይ ሰልፊ ዘሕድሮ ጥርጣረታትን መረረታትን ንምውጋንን፤ ከምኡ ውን፡ እቲ ዝምስረት ሰልፊ ኣብ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጥራሕ ተሓጺሩ ከይተርፍን ብምሕላይ፡ ካልኦት ኣብ ምምስራት ናይ'ዚ ሰልፊ'ዚ ዝኣምኑ ሸነኻት ካብ ምስንዳእ ኣትሒዞም ክሳብ ምስረታ ናይ'ቲ ሰልፊ ዘሎ መስርሕ መታን ክሳተፉ ብማለት ኢዩ እንተነውሐ ክልተ ዓመት ክወስድ ኣለዎ ዝብል ውሳኔ ዘሕለፈ። ሰልፊ ዝምስረተሉ ግዜ፡ ብቅሩብነትን ምርድዳእን ናይ'ቶም ዝምስርትዎ ሸነኻት ካብ ክልተ ዓመት ዝሓጸረ ክኸውን ከምዝኽእል ርዱእ ኢዩ። ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ዝኸውን ግዜ ምውሳድ ግን፡ እምብዛ ምድንጓይ ማለት ስለዝኾነ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምስ'ቶም ዝተሰማምዑ ሸነኻት ናብ ምምስራት ሰልፊ ዘብጽሕ ጉባኤ ክገብር ወሲኑ ምህላዉ ክፍለጥ ይግባእ።

ምስ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ጉጅለታትን ማሕበራትን ውልቀሰባትን ርክብን ልዝብን ዘካይዳ ብኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ዝምርሓ ሽማግለታት ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ክቖማ ኢየን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ነቲ ምምስራት ናይ ሰልፊ ዝብል ሓሳብ ንምብሳልን ሓሳብ ንሓሳብ ንምልውዋጥን ብወገና ኣብ ንሓርነት ዳት ካም ፍሉይ ንፓርቲ ዝምልከት ዓምዲ ክህልወና መደብ ኣሎና።

## ደምዳሚ ኣዋጅ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ
## ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ

ጅግና ተቓላሳይ ህዝቢ ኤርትራ!
ጽኑዓት ተቓለስቲ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ.!
ኣዕሩኽን ኣሕዋትን!

ክብርን! ዝኽርን! ነቲ ነዚ መድረኽ'ዚ ክኸፍቶ እንጽበዮ ዝነበርና ምዑት ተጋዳላይ ኣቦ መንበር ውድብና ዝነበረ ስዉእ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ እናበለ፣ እቲ ካብ ዕለት 23 ክሳብ 27 ሓምለ 2006 ዓ.ም. ኣብ ትሕቲ *"ንለውጥን ንዲሞክራሲያዊ ሓድነት ህዝብናን ንቃለስ"* ዚብል ጭርሖ እተኻየደ፡ ሻድሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ. ብዓወት ተዛዚሙ።

ሻድሻይ ጉባኤ ካብ ኵሉ ኵርናዓት ዓለም ዝተወከሉ ልዕሊ 150 ጉባኤኛታት ተሳቲፎሞ። እዙ ጉባኤ'ዚ ካብ ናይ ቀረባ ጉባኤታትና ፍሉይ ዝገብሮ ከኣ፡ ብርክት ዝበለ ተሳትፎ መንእሰያትን፡ ደቂ ኣንስትዮን፡ ብምርግጋጹን፡ ሓያሎ ቍጽሪ ካብ መሪሕነታት ተቓወምቲ ውድባት፡ ናይ ዜና ማዕከናትን ናይ መጽናዕቲ ማእከልን ከም ተዓዘብቲ ዝተሳተፍዎን ግሉጽነት ዝመልኦን ብምዃኑ እዩ።

ተቓላሳይ ህዝብና!

ጉባኤና ንህልዊ ሃገራዊ፡ ዞናውን ኣህጕራውን ፖለቲካዊ ምዕባሌታት ብኹሉ መዳያቱ ብዕምቈት ተመልከተ። ኣብ ኤርትራዊ መዳይ፡ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ገና ኣብ ትሕቲ ዘስካሕክሕ ጭቆና የሳቕዮ ምህላዉ መዘነ። ብሰንኪ ግጉይ ውሽጣውን ዲፕሎማስያውን ቅዋማት ህ.ግ.ዲ.ፍ.፣ ኤርትራ ኣብ ናይ "ኣይውግእ-ኣይሰላም" ዘይቅሱን ኵነታት ኣትያ፣ እቲ ቀንዲ ኣፍራዪ ሓይሊ ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ዕስክርናን ብዘመናዊ ጊላነት ዝግለጽ ናይ "ዋርሳይ-ይከኣሎ" ወፍርን ክሕየርን፣ ገሊኡ ካብ'ዚ ኣደራዕ'ዚ ከምልጥ ምድረ-በዳታትን ውቅያኖሳትን ቈሪጹ ንስደት ከምርሕ፣ ገሊኡ ከኣ ኣብ ጉዕዞ ክቕዘፍ ይርአ ምህላዉ ጉባኤ ህጹጽ ፍታሕ ዘድልዮን ኣሕዛኒ ተረኺቦ ምዃኑን ርእዩ። ብኻልእ መዳይ ከኣ ኵሉ ሃገራዊ ምንጭታት ኣብ ትሕቲ መላኺ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ስለ ዝተገበተ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ሃለዋት ሓፋሽ ህዝብና ካብ ክፉእ ናብ ዝኸፍአ ጥርዝታት ይድይብ ምህላዉ ጉባኤ ብኣንክሮ

ተመልኪቱዎ። ከምኡ’ውን ሰብኣዊ መሰላት ህዝብና ወትሩ ይግሃስ ስለዘሎ፡ እዚ መድረኽ’ዚ ንሕኑን ቃልሲ ዝዕድም ምዃኑ ጉባኤ ደጊሙ ኣረጋገጸ።

ኣብ ዞናዊ መዳይ ከኣ መላኺ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ምስ ኩሎም ጐረባብቲ ሃገራት ዀናት ዝጽሕትር ቅዋማት ብምኽታል ንኤርትራን ህዝባን ናብ ፍሉይ ቤት-ማእሰርቲ ቀይሩ፣ ንመላእ ህዝብናን ሃገርናን ናብ ፍጹም ተነጽሎ ኣእትዩዎ ምህላዉ ተገንዘበ። ኣብ ቅድሚ ናይ ዓለም ማሕበረ-ሰብ ከኣ፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት ብግህሰተ-ሰብኣዊ መሰላት እተመዝገባ ሃገራት ምዃና ኣስሚርሉ። ኣብ ከም’ዚ ዝበለ ዀነታት ከኣ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ወጥሪ፡ በቲ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ዝበየኖ ብይን፡ ቅልጡፍ መደምደምታ ክግበረሉ ንኤርትራ ሃገርናን ህዝባን ካብ ሓደጋ ዘድሕን ሓደ ረቛሒ ምዃኑ ብምግንዛብ ንናይ ዓለም ማሕበረ-ሰብ ታሪኻዊ እጃሙ ክልዕል ተሪር መጸዋዕታ ኣቕሪቡ።

ሻድሻይ ጉባኤና ኣብ ምስልሳል ዕዮታቱ ብሰውራዊ ባይቶ ንዝቐረበሉ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ብዕምቈት ተመያይጡ ኣጽደቖ። ነቲ ብ2003 ዓ.ም. ኣብ ውድብና ዝተራእየ ተረኽቦ ምፍንጫል ብሓላፍነት ድሕሪ ምምልካትን፡ ንሕጋዊ ናይ ስልጣን ምቅብባል መስርሕ ዝገሃሰ ኣካል፡ ንብጉባኤ ዝተዋህበ ሓደራ ዝጠለመ ምዃኑ ድሕሪ ምምዛንን፡ ኣብ ታሪኽ ዘሕትት ሓላፍነት ዝሰሓተ ስጉምቲ ምንባሩ ኣስሚሩሉ። ነቶም ጉባኤ ንዘሰከሞም ሓደራ ጸኒዖም ዝተቓለሱ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ድማ መጕሱ ገሊጹ።

ጽኑዕ ተቓላሳይ ህዝብና!

ጉባኤ፡ ኤርትራ ሃገርና እትርከበሉ ዀሉ መዳያዊ ዀነታት ብምምዛን ከኣ፡ ሓድሽ መድረኽ ዝጠልቦ ኣገደስቲ ምምሕያሻት ብምትእትታው ናይ ውድብ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ስርዒታዊ መደብ-ዕዮን ሓንጸጸ። ከምኡ’ውን ኣብ ኤርትራዊ መድረኽ ተጋሂዱ ብዛዕባ ዘሎ ህያው ጕዳያት ንመርገጽ ውድብና ዘነጽርን፡ ንተጋደልቲና ናብ ደረጃ ድሌታት ህዝብናን ኣባላት ውድብናን ክብ ዘብልን፡ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ኣጽደቐ። ካብቶም ዝያዳ ዘተኰረሎም ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ጕዳያት ብኸምዚ ዝስዕብ ክዝርዘሩ ይኽእሉ፤

- ጉባኤ፡ ኣብ’ቲ ንተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ. ናብ ሰልፊ ንምምስራት ኣቐዲሙ ዝተገብረ ፍሉይ መጽናዕቲ ምርኩስ ብምግባር፡ ብዕምቈት ዘትዩ ዘመሓላለፎ ውሳኔ፣ ነቲ ኣብ ሻድሻይ ሃገራዊ ጉባኤ እተመርጸ መሪሕነት ውድብና ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ሰልፊ ዝምስረተሉ ጉባኤ ንኸካይድ ሓላፍነት ኣሰኪሙ። እዚ ክቕውም ዘለዎ ኣብ ኣባላቱ ጥራይ ዘይሕጸር ሰልፊ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ንኽኸውን ምስ ካልኦት ብዕላማ ዝመሳሰሉ ውድባት፡ ጕጅለታት፡ ምሁራትን፡ ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ሓባራዊ መደብ-ዕዮ ብምንዳፍ ብመንገዲ መስሪሒ ጉባኤ ሓደ ሰልፊ ንምቛም ኣበየ ክፍለ-ዓለማት ሽማግለ መዚዙ ጕስጓስ ምክያድ፣
- ኣብ ዀሉ ጽፍሕታት ናይ ሃገርና፡ ኣብ መትከል ዘይምእኩል ምሕደራ ዝተመርኰሰ፡ ፍትሓዊ ናይ ስልጣንን ሃገራዊ ሃብትን ምክፍፋል ዘዕቁብ፣ ብደረጃ ሃገር፡ ኣውራጃ፡ ወረዳን፡ ዓድን ዝመሓደር ኣብዝሓ ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምቛም፣
- ኣብ ጽባሕ ውድቀት መላኺ ስርዓት እንኽተሎ ቅጠባዊ ቅዋም ንውጹዓት ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና ዝሓሊ ኣብ ናጻ ዕዳጋ ዝተመርኰሰ፡ ክኸውን፣
- ዋንነት መሬት፡ ናይ ህዝቢ ምዃኑ ደጊሙ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ብህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት መሬቶም ዝተመንዘዑ ዜጋታት፡ ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ መሬቶም ክምለሰሎም ከምዘለዎ ተሪር ውሳኔኡ ብምትሕልላፍ፣
- ነዚ ብኢ.ደ-ወነንኡ ስልጣን ጨቢጡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዓስኪሩ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ዀሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ ብምጥቃም፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት

ዘኽብርን ዘረጋግጽን ኣብዝሓ ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምህናጽ፣

- ነቶም ብሕሰም ኣመሓዳድራ መላኺ ስርዓት ካብ ሃገሮም በብእዋኑ ዝስደዱ ዘለዉ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ዝምባሌኦም ብዘየገድስ ብዘይግብዝናን ቅድመ-ዅነትን ውድብና ክጣበቐሎም ምዃኑ፣
- ሰፊሕ ህዝብና ካብ ግፍዕታት መላኺ ስርዓት ዝገላገለሉ መንገዲ ሓደን መተካእታ ዘይብሉን ንኹሉ ዓቕምታት ደምበ ተቓውሞ ጠርኒፍካ ኣብ ቃልሲ ምጽማድ ጥራሕ ምዃኑ ገምጊሙ። ሓያል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምህናጽ መሰረታዊ ቅድመ-ተደላይነት ከምዘለዎን ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ. ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ልሉይ ግደኡ ክጻወት ምዃኑን ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ሓያል ተቓውሞ ኣብ ምስራሕ ከኣ ምስተን ብፖለቲካዊ መደብ-ዕዮናን ራእይናን ዝቀራረባ ውድባት ክሳብ ናብ ፍጹም ሓድነት ንምብጻሕ ቅሩብነቱ ብምርግጋጽ፣
- ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዝግበር ዝምድናታት ኣብ ግዝያዊ ቃጻን ረብሓን ዝተሰረተ ዘይኮነስ፡ ንስትራተጂያውን ዘላቒ ዝምድናን ዘማዕደወ ክኸውን ከምዘለዎ ብምእማን ክዉን ንምግባሩ ብዕቱብ ምጽዓት፣

ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ጉባኤ'ዚ ንዝኸሪ ጅግና ስዉእ ስዩም ዑቕባሚካኤል ብሓልዮት ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ.፡ ዓዋተ ዳት ኮምን፡ ስድራቤት ስዉእ ስዩምን ብስም "ዲሞሰላም" ዝፍለጥ መኽሰብ-ኣልቦ ትካል ምምስራቱ ብወግዒ ተኣዊጁ።

ኣብ ርእሲ'ዚ እቲ መላኺ ስርዓት ዝኸተሎም፡ ከም ደቅኹም ሃዲሞም ብምባል ዝግበር ማእሰርትን፡ ገንዘባዊ መቕጻዕትን፡ ፍትሕን ፍርድን ኣልቦ ናይ ሕልናን ፖለቲካዊ ማእሰርትን፡ ጠገለ ዝሰኣነ ናይ ህዝቢ መሬት መንዚዕካን ካብ ወጻኢ ሃገራት ንዝመጹ ሰብ ገንዘብ ምዕዳልን፡ …ወዘተ ዝኣመሰሉ ዘይሰብኣዊ ተግባራት ብምኹናን፣ መሪሕነት ብኹሉ ዝከኣሎ መሳሪሕታት ክገጥሞን ኣብ ቅድሚ ናይ ዓለም ማሕበረሰብ ከቃልዖን ተሪር ለበዋ ተመሓላሊፉሉ። ብተወሳኺ ጉባኤኛ ንዝተፈላለዩ ሲቪካዊ ማሕበራት ከተባብዕ ከምዘለዎ ተላቢዩ።

ሻዱሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ነቲ ህዝብና ብኣደራዕ መላኺ ስርዓት ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራ ብግቡእ ተገንዚቡ፤ ኣብ ልዕሊ መላኺ ስርዓት ዘድሊ ጸቕጢ ንኽገብር ንኹሎም ደለይቲ ሰላምን ፍትሕን ዝኾኑ ወገናትን መሰል ደቂ-ሰባት ተጣበቕትን ኣምሪሩ ተማሕጺኑ።

ጉባኤና፡ ንኹሎም ዕድመና ኣኽቢሮም ንዝተፈላለያ ናይ ተቓውሞ ውድባት፡ ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ናይ ዜና ማዕከናት፡ ካልኦት ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ወኪሎም ብኣካል ብምስታፍ ይኹን፡ ብናይ ደገፍ መልእኽታት ንጉባኤና ደገፎም ዝገለጹ ክቡር ምስጋናና ይብጻሓዮም።

ጉባኤና ንበርገሳዊ ማሕበራት፡ ዜናዊ መደበራትን፡ ተኸላኸልቲ ሰብኣዊ መሰልን ኣብ ምቅላዕን ምቅዋምን ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዝጻወትዎ ዘለዉ ንጡፍ ግደ ኣመጒሱ።

መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ፡ ንውድብናን ህዝብናን ዘበርክትሉ ዘለዉ ደገፍን፡ ብፍላይ ድማ ጉባኤና ዕዉት ንኽኸውን ዝገበሩልና ምትሕብባርን ነመጒስ። ከምኡ'ውን መንግስትን ህዝብን ሃገር ሱዳን ንውድብናን ህዝብናን ዘበርክትሉ ዘለዉ ምዉቕ ደገፋት ነመጒስ። ኣብ ልዕሊ'ዚ ሃገራት ምትሕግጋዝ ፎርም-ሰንዓ ንሓፋሽ ህዝብና ሓራ ንምውጻእ ምስ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ንዝገብርዎ ምትሕግጋዝ ምሉእ ምስጋናኡ የቕርብ።

ጽንዓት ኣባላት ውድብና!

ሻዱሻይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ መደምደምታ ኣኼባታቱ፣ ነቲ ዘጽደቖ ቅዋማትን መደብ-ዕዮን ኣብ ግብሪ እተውዕልን ሓላፍነት እትስከምን ሳላሳን ሰለስተን (33) ቀወምቲ ኣባላትን ኣርባዕተ (4) ተጣባበቕትን ዘለዉዋ ፖለቲካዊ መሪሕነት ብምምራጽ ስራሓቱ ብዓወት ዛዚሙ።

ንለውጥን ንዲሞክራስያዊ ሓድነት ህዝብናን ንቃለስ!
ዓወት ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ!
ዓወት ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን!
ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት!
ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስዉኣትና!

# ጸብጻብ ፌስቲቫላት 2006

መበል 21 ኤርትራዊ ፌስቲቫል ካብ ዕለት 4-6 ነሓሰ 2006 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ተኻይዱ። ፌስቲቫል ልክዕ ሰዓት 06፡00 ድ.ቀ. ብሓጺር ሰሚናር ናይ ኣባላት ውድብ ኢዩ ተጀሚሩ። ድሕሪ ብጻይ ተኽለሰንበት ተኽላይ፣ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ኣባል ኣሰናዳኢት ሽማግለ መበል 21 ፌስቲቫል ኤርትራን ዘስምዖ ሓጺር ናይ መእተዊ ቃል፤ ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር፣ ኣቦ መንበር ውድብ መግለጺ ሂቡ። ብጾት ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ብርሃነ ተስፋጋብር፣ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)ን ኣሰፋው በርሀን ተኻፊልቲ መደብ ሰሚናር ነይሮም። ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ዝሃቦ መግለጺዝተዋህበ መግለጺ፦

- ንኹሉ ኤርትራዊ ክፉት ዝኾነ ሓድሽ ፓርቲ ንምምስራት ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተወስደ ተበግሶ፤
- ኣብ ቅርጻ ውድብ ዝተኣታተዉ ተወሰኽቲ ኣብያተ-ጽሕፈታት፤
- ግደ ደቀ ኣንስትዮን ግደ መንእሰያትን ኣብ ዘሎናዮ መድረኽ፤ ...ወ.ዘ.ተ ዝርከቦ ነይሩ።

ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፣ ምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ከኣ ኣስዒቡ ሕጽር ዝበለ ተወሳኺ ርእይቶ ሂቡ። ብድሕር'ዚ ፡ መድረኽ ንክትዕን ርእይቶን ተኸፊቱ። ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ድማ፣ ንዝቐረበሎም ሕቶታት መብርሂ ሂቦም።

ካብዚ ቀጺሉ፣ ሓው ዮውሃንስ ኪዳነ፣ ናይ ኣስገዳድ ዕስክርና መደብ ዘስዕቦ ዘሎ ጸገማትን ብማሕበር ተቓውሞ ናይ ሕልና ናይ ውግእ ተበግሶ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ኣስተምህሮ ሂቡ። ሓው ዮውሃንስ ኣብ መሰልን ነጻ ፕረስን ዘይብላ ሃገር ዝግበር ተበግሶ ናይ ምቅዋም ንኣስገዳድ ዕስክርና ቅኑዕ ምዃኑን፤ ብኻልኣት ውድባትን ብህዝብን ክተሓዝ ዘለዎ መርገጽን ክውሰድ ዘለዎ ስጉምትን እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ኣሚቱ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፣ ማሕበሮም ዝወሰዶ ተበግሶታትን፣ ምስ ናይ ከባቢኦም ማሕበራት ብምትሕብባር ዘዐወትዎ መደባትን ገሊጹ። ብኣዳለውቲ ፌስቲቫል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንካልኣይ ግዜ ዝተገበረሎም ዕድመ ከኣ ኣመስጊኑ።

ብድሕር'ዚ፣ ብተበግሶ ማሕበር መንእሰያት ጀርመን፣ ንዕላማታትን ንጥፈታትን ማሕበር ዝምልከት መግለጺ ብትግርኛን ዓረብኛን ቀሪቡ። ወከልቲ ናይቲ ማሕበር፣ ዕላማኦም ምስ ካልኦት ውድባት እናተማኸሩን እንዳተሓባበሩን ንክሰርሑ እምበር፥ ጸረ ካልኦት ውድባት ከምዘይኮኑ ብምግላጽ ንሕቶታት ዕድል ሂቦም። ከምኡ ውን ንዝቐረበሎም ሓያሎ ሕቶታት መልሲ ሂቦምን፤ ንዝተለገሰሎም ምኽርታትን ለበዋታትን ምትብባዕን ድማ ሰሚዮም። ብድሕር'ዚ ሰሚናራት'ዚ፣ ናይ ሙዚቃን ባህላዊ ጸወታን መደብ ቀጺሉ። ንጽባሒቱ ዕለት 5 ነሓሰ 2006 ዓ.ም ብጻይ ተኽለሰንበት ተኽላይ፣ ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል ንመራሕትን መሰረታትን ተቓወምቲ

ውድባትን ንፅዱማት ኣጋይሽን ኣስሚዑ። ብጻይ ተኽለሰንበት፡ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቱ ድሕሪ ምምሕልላፍ፡ “እዚ ኣብ ዓዓመት ብሓልዮት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ኣብ ጀርመንን ኣውሮጳን፤ ከምኡ ውን፡ ብሓልዮት ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዝግበር ፌስቲቫላት ብቐዳምነት ፖለቲካዊ ዕላማታትና ኣብ'ዚ እንነብረሉ ክፍለ-ዓለም ኣውሮጳ ንምንጽብራቕ ኢዩ። ማዕረ ማዕሩኡ ከኣ፡ መዳይ ማሕበራዊ ግዴታና ምምላእ፤ መዳይ ምዕቃብን ምምዕባልን ባህልታትና፤ መዳይ ንሓድሕድናን ምስ ደቅናን ንምርኻብ ...ወዘተ ዘለዎ ተደላዩነት ዝዓምምን ዝሕብሕብን ኢዩ። እንሆ ከኣ ሎሚ፡ በዚ መንፈስ'ዚ እነካይዶ ፌስቲቫልና ንመበል 21 ዓመቱ ይብዕል ኣሎ። ኣብ ተመኵሮ ፌስቲቫላትና ከኣ፡ ውድባት ተቓውሞ፡ በርጌሳዊ ማሕበራት፡ ምሁራት ...ወዘተ ኣብ መድረኽ ፌስቲቫል ብምዕዳም ራኢታቶም ንተሳተፍቲ ህዝቢ ከቕርቡን ሓድሕድ ክዋስኡን ኣኽኢልናን፤ በዚ ከኣ ኣገዳሲ ናይ ምቅርራብ ዕዮ ተገይሩ ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ በዝን ከምዝን ኣገባባት ንውድባት ብኣወንታ ጸሊናን፤ ውድባት ከኣ፡ ተመሊሶም ንዓና ክጸልዉና ርዱእ ይመስለኒ። ገለ ካብኡ ኣሉታ ምንባሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮ ኣሎና። ብዝኾነ፡ ሎሚ ግዜ ውሒጥዎም ዝጸንሑ በርከት ብጾት ካብ ብጾታት መሰረቲ ማሕበርናን ፌስቲቫልናን ኣብ ቅድመይ ብምርኣየይ ሕጉስ ኢየ። ደጊመ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ከኣ እብል።

**ክቡራት ተሳተፍቲ ፌስቲቫል፡**

ንዓና፡ ከም ማሕበር ይኹን ከም ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ መንጐ ክልተ ሰሙን፡ ሰፊሕ ውድባዊ ጉባኤ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ሰፊሕ ፌስቲቫል ከኣ ኣብ ጀርመን ምክያድ፡ ክሳብ ክንደይ ድኻም ከምዘሎ ኣይትስሕትዎን ትኾኑ። ይኹን እምበር፡ ቅድሚ ሰሙን ዘፋነናዮ ውድባዊ ጉባኤ ክሳዕ ክንደይ ዕዉትን ዓሚቕን ምንባሩ ኣንቢብኩምን ሰሚዕኩሞን ኣለኹም። ብዝያዳ ከኣ፡ እቲ ካብ ውድባዊ ጉባኤና ዘንጸባረቐ ባና ሓድነትን ባና ስኒትን ኢዩ።

እቲ ቅዱስን ቅኑዕን መንፈስ ውድባዊ ጉባኤና ኣብ ፌስቲቫልና ክዓስል፤ ኵላትና ከኣ ሕጉሳት ክንከውን ዘሎኒ ትምኒትን ትጽቢትን ጠቒሰ ከኣ፡ ሰናይ ፌስቲቫል ይግበረልና እብል” ኢሉ።

ብድሕር'ዚ፡ ፐትራ ሮት፡ ላዕለወይቲ ከንቲባ ከተማ ካልባኽ ዝለኣኸቶ ደብዳቤ ተነቢቡ። ትሕዝቶ መልእኽታ፡ “ንኣደለውትን ተሳተፍትን መበል 21 ፌስቲቫል ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ልባዊ ሰላምታይ ኣቕርብ። ማሕበርኩም፡ ማለት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር፡ ካብ 1975 ጀሚሩ ኣብ መላእ ሃገር ጀርመን ብምንጣፍ፥ ካብ ዝፈትውዋ ሃገር ንኽስደዱ ዝተገደዱ ዜጋታቱ ኣብ ምጥርናፍ ልሉይ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ። ብባዓላትኩምን ምንቅስቓሳትኩምን ኣቢልኩም፡ ዘሎኹሞ ራሕቂ ብዘየገድስ፡ ባህሊ ሃገርኩም ከተዕቁቡን፥ ምስ ከማኹም ዝበሉ ካልኦት ባህልታት ተመኵሮ ክትለዋወጡን ክኢልኩምን ኣኽኢልኩምን ኢኹም። እዚ ካብ ጽምዋን ባህላዊ ተነጽሎን ዘድሕን ብሸነኹም ዝተወስደ ዕዮ፡ ብፍላይ ነቲ ብዘይድሌቱን ብዘይ ስድራን፡ ነንበይኑ ካብ ምዉቕ ገዛኡ ዝተመዛበለን ዝተሰጐጐን ዜጋ ኣብ ምጽላል ዝተጻወትኩምዎ ግደ ጥቕሙን ቍምነገሩን መግለጺ'ኳ ኣይርከቦን ኢዩ።

ካባኡ ብዘይንእስ ከኣ፡ ፌስቲቫልኩም፡ ንጀርመናውያንን ንካልእ ባህልታት ዘለዎም ኣህዛብን መርኣያ ኤርትራዊ ፍሕሸውታን፡ ናይ ህይወት ፍስሃን ምዃኑ ጭቡጥ ምስክርነት ኢዩ። ናይ ሎሚ ፌሲትቫል ኤርትራ ከኣ፡ ምስ በብዓይነቱ ሙዚቃን ቂሐ-ጽልሚ ባህልታቱን ምኡዝ ባህላዊ ምግብታቱን ብርግጽ፡ ናብ ኣኽሊል ተመኵሮ ማሕበርኩም ኣቢሉ ክድይብ ኢዩ። ማሕበርኩም ኣብ መላእ ጀርመን፡ በዚ ዓይነት ፌስቲቫላት ካብ ዝዋሳእ ካብ 1986 ዓ.ም ጀሚሩ ኢዩ። ሎሚ'ኳ፡ ኣብ ከተማና ብምክያዱ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ጨንፈር ፍራንክፈርት ተቐባል ጋሻ ይኸውን ኣሎ ማለት'ዩ። እዚ ከኣ፡ ንዓናን ንከተማናን ብዝያዳ የሐጕሰና። ብፍላይ ከተማ ፍረንክፈርት፡ ካብ ኵለን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታት ጀርመን፡ ብዝያዳ ከም'ዚ

ናታትኩም ካልኣት ዝተፈላለዩ ባህልታት ዘለዎም ኣህዛብ ብምርኻብ ብባህሊ ክትምዕብልን ክትዕንብብን ጸኒሓ'ያ። ኣስታት 1000 ኤርትራዊ ዝመበቈሉ ዜጋ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርትን ወሰናስኑን ይነብር። በርከት ካብኦም ከኣ፡ ኣብ ባህላውን እምነታውን ማሕበረ-ህይወት ሕዋሳት ብምዃኖም ባህላዊ ገጽ ከተማ ፍራንክፈርት የዳብሩ።

ማሕበርኩም፡ ብመንገዲ እቶም ኣስታት 250 ዝኾኑ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብፍላይ፡ ኣብ ኣውራጃ ሀሰን ከኣ ብሓፈሻ፡ ዘለዉ ኣባላቱ ኣቢሉ ንስኢሊ ከተማ ፍራንክፈርት ብምጽላው፡ ክቡር ኣስተዋጽኦ ኣብ ማተርያላዊ ኣህጕራውነት ናይ'ዚ ከተማ የበርክት። ብስም ቤት ምኽሪ ከተማ ፍራንክፈርት ንማሕበርኩም፡ ንኣዳለውቲ ፌስቲቫል፡ ከምኡ ውን ንዕዱማት ኣጋይሽ ዓወት ዝመልኦ በዓልን፥ ሃብታም ናይ ሓሳብ ንሓሳብ ልውውጥን እምነየልኩም" ኢላ።

ብድሕር'ዚ፡ እቲ "ኤርትራ ናይ ጽባሕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብዝተፈላለዩ ምሁራትን ኣባላት መሪሕነትን ካድራትን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝቐረቡ መጽናዕትታ ቀሪቦም። እቶም መደረ ዝገበሩን ዘቕረብዎ መጽናዕትን እዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ።

1. ዶክተር ኣንገሶም ኣጽብሃ፡- ምእሪራ ዘላቒ ርግኣት ኣብ ኤርትራ፤ ናይ ስልጣን ፖለቲካ፡ ብዙሕነትን ቀዳምነታትን።

2. ዶክተር ኣኽሊሉ ግርማይ፡- ተራ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪላውያን ማሕበራትን ኣብ ፖለቲካውን ዲሞክራስያውን ምስግጋር መስርሕ ኤርትራ።

3. ብጻይ ገረዝጊሄር ተወልደ፡- ንድፈ ቅዋም ብዘይ ቅዋምነት።

4. ብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ፡- ጕዳይ ብሄራትን ብሄራዊ ሕቶን

ብጻይ ተድሮስ ብርሃነ፡- ብልሽውና ኣብ ኤርትራን ኣገጣጥማኡን።

ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣብ እተኻየደ ኣኼባ ተረኺቦም ቃል ውድቦም ዘስምዑ ድማ፡ ሓው መስፍን ሓጐስ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፤ ሓው ተወልደ ገብረስላሴ፡ ኣቦ መንበር ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራን ኢዮም ነይሮም።

ከምኡ ውን፡ ካብ 19-20 ነሓሰ 2006 ዕዉት ፌስቲቫል ኣብ ኣመሪካ ተኻይዱ። እዚ ንሳልሳይ ጊዜኡ ኣብ ከተማ ሲያትል ዝካየድ ዘሎ ፌስቲቫል፣ ብ19 ነሐሰ 2006 ብዓሉ ብወግዒ ጀሚሩ። እዚ ብዓል'ዚ ብርክት ዝበሉ ኣጋይሽ ካብ ካናዳን ዝተፈላለያ ስተይትስ ናይ ኣሜሪካን ዝተሳተፍዎ ኮይኑ፣ ናይ ስዉኣት መዝሙር ብምቕዳም፣ ንስሚዒት ተሳተፍቲ ብዘለዓዕል ምውቕ መንፈስ ብምስናይ'ዩ ተኸፊቱ።

ቀጺሉ ኣቦ መንበር ጨንፈር ከተማ ሲያትል ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ፣ ንኣጋይሽ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ድሕሪ ብምባል፣ ውሕሉል ዝኾነ ናይ ፌስቲቫል መደባት ሐበረ። ስዒቡ ከኣ በተን ናይ ቃልሲ ሽውሃተን ዘይሕለልን ክምህ ዘይብለን ኣዴታት ከተማ ሲያትል ዝተዳለወ፣ መኣዛ ዝመልኦ ሽሻይ፣ ንምምጋብ እዋን ምሳሕ ኮነ።

ድሕሪ ምሳሕ ስሩዕ መደባት ፌስቲቫል ጀመረ። መደብ ናይ ሕጻናትን መንእሰያትን ብጻይ ደስበለ ካሕሳይ ምስቶም ኣብቲ ብዓል ዝተረኽቡ መንእሰያት ናይ ሐባር ምይይጥ መኣዲ ብምኽፋት፣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሃለዋትን ኣልዒሉ መብርሂ ሃበ። ብጻይ ደስበለ ናይ ሕጻናት ንቕሓት ንምግንዛብ ትርጉም ፌስቲቫልን ዕላማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበርን ምስ ሓተቶም ምስ ዕድምኦምን ደረጃ ትምህርቶምን ዘይመጣጠን ንተሳተፍቲ ዘደነቐ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ ከምዘለዎ ኣቕረብዎ። ኣብ ኤርትራ ብህዝቢ ዘይተመርጸ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከምዘሎ፡ ዲሞክራስያ ቦኹሩ ምህላዉ፡ መሰል ኤርትራውያን ብሕልፊ ድማ መንእሰያት ኤርትራ ካብ ጭቆና ስርዓት ኢሳያስ ንኽምልጡ ኣብ ፈቐዶ ምድረ-በዳ ይሞቱ ከምዘለዉ እቶም መንእሰያትን ሕጻናትን ሓደ ብሓደ መለሱ። እቶም ሕጻናት ገሊኦም ኣብ ኤርትራ በጺሖም ጸገም ህዝብና ብዓይኖም ዝመስከሩ፣ ገለ ድማ ካብ'ቲ ብዝተፈላለየ ሓበሬታ

ዘዋህለልዎ ፍልጠት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ንኸገልጽዎ ዘይጸገሞም፣ ከመይሉ እዩ ድኣ ገለገለ ሰባት ጌና ናይ'ዚ ኣብ ኤርትራ ዓስኪሩ ዘሎ መላኺ ስርዓት ሰዓብቲ እንርኢ ዚብል ሕቶ ዘየልዕል ኣይኮነን። እቶም መንእሰያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ንኣብ ወዲሽሪፈይ፡ ሱዳን፡ ኮነ ንውትኣት ሓርነት ዘበርክቶ ኣስተዋጽኦ ከምዝርድኡ መሊሸም።

ኣብ ቀጻሊ መደብ ሓው ሃብተማርያም ሚካኤል ንህልዊ ፖለቲካዊ ሃለዋት ሃገርናን ናይ ህግደፍ ዓምጻጽን ነፋግን ፖለቲካዊ ቃርሳ ንህዝቢ ኤርትራ ንኣደዳ ጥሜትን ሓሳረ-መከራን ኣሳጢሕዎ ከምዘሎ ዝዓለመ መደረ ኣቕሪቡ። ህግዲፍ ከም ሽሙ ንዲሞክራስን ፍትሕን ዝዓለመ ዘይኮነስ ንግህሰት ህዝባዊ መሰላትን ዲክታቶርያዊ ፍጻሜታትን ኮነ ኢሉ ዝተዓጥቀ ዲያብሎሳዊ ጉጅለ እዩ በለ። እቲ ፍታሕ ድማ ኣብ ዘዘሎናዮ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ንኽንገጥሞ መድረኽ ይዕድመና ከምዘሎ ኣብሪሁ። በዚ ሎሚ ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መከራን ጭቆናን ዘይርዳእ እንተልዩ ፈሊጡ ዝጸመመን ተበላጺ መርገጽ ዝሓዘን ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዝኽእል ብምባል መደርኡ ዛዘመ።

ንግደን ትጽቢትን ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ድማ ብጸይቲ ኣስገደት ምሕረትኣብ ኣደ-መንበር ምዕራባዊ ዞባ ሕቡራት-መንግስታት ኣመሪካ ቅርጥው ዝበለ መግለጺ ሃበት። ነተን ነዚ ፈልቲቫል'ዚ ዓመት-ዓመት ክዉን ንምግባር ብዘይሕለል ሕልናንን ንያትን ዝውፈያ ደቂ ኣንስትዮ ዝዓዘዘ ምስጋና ድሕሪ ምቕዳማ፡ ግደን ተራን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምህናጽ ጥዑይን ምዕቡልን ሕብረተ-ሰብ ሰፍ ዘይብል ምዃኑ ኣብርሀት። ኣስተዋጽኦ ደቀ ኣንስትዮ ንኽጉልህ ድማ ካልእ ዋሕስ ዘየድልዮ፡ ባዕላተን ክቃለሳሉን ኣፈኛታት ክኾናሉን ከምዘለወን ንኣኸበኛታት ኣትሪራ ኣገንዘበት። ኣደታት ኣርኣያን ኣብነትን ስድራ-ቤት ከም ምዃነን መጠን ሓላፍነትና ፈሊጥና ብዘይግብዝና ክንቃለስ የድልየና ክትብል መግለጺኣ ኣጠቓለለት።

ነቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ፈስቲቫል ዝቐረበ ፖለቲካዊ መደረታትን ትሕዝቶን ንምስትምቓርን ንምክታዕን ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ተዘርጊሑ ዝነበረ ዝተፈላለየ ኢደ-ጥበባዊ ኣቕሑትን ንምርኣይን ናይ ፍርቂ ሰዓት ዕረፍቲ ድሕሪ ተዋሂቡ መደብ ፈስቲቫል ቀጸለ።

ኣጋ ምሸት ኮይኑ ሰብ ብብዝሒ እናወሓዘ፣ ኣባላትን ካልኦት ተሳተፍቲ ግዱሳት ሃገራውያንን፣ ከምኡ'ውን ዕዱማት ኣመሪካውያን ኣጋይሽ ኣብ ዝተረኽብሉ ኣዳራሽ ብጻዕቂ መሊኡ ሆጭ በለ። ኣብዚ እዋን'ዚ ናእሽቱ መንእሰያት ብሰልፊ ተር ኢሎም ተሰሪዮም፣ ናይ ኤርትራን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ሰንደቕ ዓላማታት ተማእኪሎም፣ ናብ መድረኽ ብምምጻእ፣ ነታ ናይ ፈለማ ጥንቲ ዝኾነት ልምድቲን ዝውትርትን ዝኾነት፣ "ንወገኖም ኩሎም ዝጭቅኑ ... ዝደልዩ'ውን ብሕታዊ ጠቕሚ ... ኣይትደልን'ያ ኤርትራ ናይ ሎሚ" እትብል ኣንጎድጎዶ። ምሉእ ኣዳራሽ'ውን ብጨብጨባን ጣቓዒትን ኣሰነዮ። ኣከታቲሎም ከኣ ባህላዊ ክዳን ብዝተኸድና ኣዴታት ተሰኒዮም ንተዓዘብቲ ዝማረኽ ድሙቕ ባህላዊ ጸወታ ኣርኣዩ።

መደባት ብምቕጻል ብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ ወኪል ተ.ሓ.ኤ. ሰ/ባይቶ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ ፖለቲካዊ ግርጭታትን ተመክሮ ኣፈታትሐኡን ብዝብል ኣርእስቲ ኣስተምህሮ ሃበ። ንዝሓለፈ ታሪኻዊ ተረኽቦታት ቃልሲ ንድሕሪት ተመሊሱ ብምርኣይ፣ ኩሉና ዝተኸተልናዮ ናይ ኣፈታትሓ ግርጭታት ግጉይ ከም ዝነበረ ኣሚቱ። ምኽንያቱ ኣብ ክንዲ ኢሂን ምሂን ኢልካ ምልዛብን ምርድዳእን፣ ኣብ ሕድሕድ ምጽልላምን ፍልልይካ ብጕነጽን ተፈናጪልካ ብምኻድ ምፍታሕን ዘዘንበለ ብምንባሩ ኣብሪሁ። ስለዚ ድሕነትናን ድሕነት ህዝብናን ንሕድሕድ ምትእምማን መንጸፍ ብምግባር፣ ንልዝብን ምርድዳእን ኣገዳሲ ቦታ ሂብና ምስ እንዋሳእ፣ ብዘይጥርጥር ፍልልያትና ወጊድና ዘላቒ ፍታሕ ከም እነረጋግጽ ጥርጥር የብልናን ኢሉ።

ቀጺሉ ዝቐረበ ሰነድ ብብጻይ ገረዝጊሄር ተወልደ ወኪል ውድብ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶ ኣብ ካናዳ ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ብምኽንያት ናይ ርሑቕ መገሻ ኣራኺቦ ምስኣን ስለዘይመጸ፣ ብሃብተማርያም ክፍለ ኣባል ሰ/ባይቶ ተነበ። ቀንዲ ዘተኮረሉ ጉዳይ ብዛዕባ ኣድላይነት ሃገራዊ ቅዋም ኮይኑ፣ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ውሽጢ ህ/ግንባር እንዳዓኾኾ፣ ዓብላሊ ኢድ ከኣ እንዳተቛጻጸረ ክመጽእ ዝጸንሔ ኢሳያስ ዝመርሖ ጉጅለ፣ ኣብ ኤርትራ ዑቕባ ህዝቢ ዝኸውን ኮነ፣ ሰላምን ቅሳነትን ኣስፊኑ ዘላቒ ውሕስነት ዝህብ ቅዋም፣ ክሳብ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፈጺሙ ተግባራዊ ከምዘይከውን ከኣ ኣገንዘበ።

ናይ ኣስተምህሮ መደባት ብምቕጻል ክቡር ሐው ሳልሕ ቃዲ ኣዳላውን መስራቲን ዓዋተ.ኮም ኣዝዩ ጠቓሚን ኣስተምህሮን ሐበሬታን ሂቡ። “ሎሚ ምስ ተቓውሞ ዘይከተተ ብደዉ ከም ዝሞተ” ብዝብል ናይ መኸተ ቃል ብምጅማር ከኣ፣ ንናይ ቃልሲ ንያትን ሐቦን ዘበራትዕ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ። ሳልሕ ቃዲ ኣብ ዘረብኡ ኣብ ባህልና ጽቡቕ ስራሕ ዝሰርሐ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝፈጸመ፣ ምምስጋን ልምድናን ባህልናን ኣይጸንሐን። ብሂወት ከለዉ ከየመስገንናዮም ዝሐለፉና ተቓለስቲ ብዙሐት ኢዮም። ንገባር ጽቡቕ ዝኾነ ባእታ ከኣ ከሎ ብሂወቱ ምምስጋን ሐደራኹም ባህልና ይኹን ኢሉ።

ቀጺሉ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ብብጻይ ሃይለስላሴ ኪዳነ ኣባል መሪሕነት ህ.ደ.ግ.ኤ.(ሳግም)፣ ዝቐረበ መልእኽቲ ተሰሚዑ። ብጻይ ሃይለስላሴ ንሳልሳይ ፈስቲቫል ኣሞጊሱ፣ ነቲ ኣብ ዝሐለፈ እዋናት ብሐባር ዝካየድ ዝነበረ ዕዉት ብዓላትን ሰላማዊ ሰልፊታትን ዘኪሩ፣ ከምኡ ዝኣመሰለ መደባት ተግባራዊ ዝኾነሉ ጻዕርታት ክግበር ኣተሐሳሲቡ። ብሐድነት ኲንካ ቃልሲታት ምክያድ ዕዙዝነትን ኣድላይነትን ብምግንዛብ ከኣ፣ ንህዝብና ብዝያዳ ተስፋ ዝህብ ንሱ ምዃኑ ኣሚቱ።

ብዘይካ'ዚ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ዝለኣኹ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኮንግረስ ኣባል ዝኾኑ፣ ክቡር ሚስተር ጂም ሚክደርማት ነበሩ። ኣብ መልእኽቶም ንሳልሳይ ፈስቲቫል ሞጎሶም ብምግላጽ፣ ዕዉት ንክኸውን ምንዮቶም ኣመሓላሊፎም። ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበር ሒዝዎ ዘሎ ዓላማታት ዕዉት ክኸውንን፣ ዓለም ለኻዊ ቆላሕታ ክረክብ ዝገብሮ ጻዕርታት ኣዝዩ ዝምስገን'ዩውን ኢሎም።

ኣብ መደምደምታ ከኣ ቃል ውድብ ሓዲሽ ምክትል ኣቦ መንበር ኮይኑ ኣብ 6ይ ጉባኤ ዝተመርጸ፣ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል ቀሪቡ። ብጻይ ተስፋይ ንኹሎም ኣባላትን ዕዱማት ኣጋይሽን ብምምስጋን፣ ነዚ ፈስቲቫል'ዚ ዕዉት ኮይኑ ንክወጽእ ዝለዓለ እጃም ዝተሰከሙን ዝተሰከማን ኣባላት ጨንፈር ሰያትል ኣሞጉሱ። ብጻይ ተስፋይ ኣብ መደርኡ ከም ተቓወምቲ መጠን ዋጋናን ጻማናን ክንረክብ፣ ኣገባብ ኣከያይዳናን ኣተሐሳስባናን ክቕየር ኣለዎ፣ ንለውጢ ከኣ ቅሩባት ክንከውን ኣለና በለ። ንሕና ከም ተ.ሐ.ኤ ሰ/ባይቶ ምልዋጥ ብነብስና ክንጅምር ኣለና፣ ምረትን ናይ ትማሊ እህህታን ክሐጽረናን ክገዝኣናን ኣይግባእን ዝብል ከኣ ናይ ሐዲሽ መድረኽ ቀንዲ መበገሲና'ዩ በለ። ብእምንቶ ተ.ሐ.ኤ ሰ/ባይቶ፣ ዝሐለፈ ምረትን ፍልልያትን ደረቱ ሒዙ፣ እተን ኣብ ፖለቲካዊ መርሆን ኣመለኻኽታን ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባትን ጉጅለታትን ናብ ሐደ ስሙርን ስጡምን ውድብ ዝመጻሉ ክውንነት ንምፍጣር ዘይሕለል ጻዕርታት ክካየድ ኣለዎ፣ ነዚ ከኣ ከም ውድብ ብምሉእ ዓቕምና ክንደፍኣሉ ኢና'ውን በለ። ኣብ 6ይ ውድባዊ ጉባኤ ውድብና ናብ ፓርቲ ዝሰጋገረሉ መድረኽ ኣመልኪቱ፣ ንመድረኽ ምጥርጣር ወጊዱ ንዱልዱል ባይታ ሕድሕድ ምትእምማን ዝሰረቱ፣ ኩሉ ናተይ ዝብሎ መትከላትን፣ ናይ ሐባር ኣገባብን ኣከያይዳን ብምሕንጻጽ፣ ናይ ሐባር ጉዕዞን ናይ ሐባር ሐዲሽ ታሪኽን ንምምስራት ቅሩባት ኣለና ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ካብ ኣኼበኛ ዝቐረበሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ብምሃብ ተዛዚሙ።

# ኣብ መበል 21 ሰፊሕ በዓል ኤርትራ ብኣ/መ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝቐረበ ቃል ውድብ።
# 05.08.2006

ዝኸበርካ ኣቦ መንበር ምስ ኣባላት ኣሳናዳኢት ሽማግለ መበል 21 ፌስቲቫል፣
ዝኸበርኩም ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣
ዝኸበርካ ሓው መስፍን ሓጎስ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ፣
ዝኸበርካ ሓው ተወልደ ገብረስላሰ፡ ኣቦ ንበር ህደግኤ/ሳግም፣
ዝኸበርኩም መሪሕነታትን ኣባላትን ተቓዋሚ ውደባተ፣
ዝኸበርኩም ኣጋይሽና ብሓበራ።
ከምቲ ኣብ መኽፈቲ 6ይ ጉባኤና ዝበልኩዎ፡ ሕጂውን ኣቐዲመን ደጊመን ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ሰዉኣትና ክብል ኣፍቕዱለይ።

**ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ስዉኣትና!!**
**ክብርን ዝኽርን ነቲ ከም ኩሉ ጊዜ ነዚ ናይ ሎሚ ፌስቲቫል እውን ክኸፍቶ እንጽበዮ ዝነበርና ጅግና ተጋዳላይ፡ ናይ ሎሚ ስዉእ፡ ስዩም ዑቕባሚካኤል!!**

ተጋዳላይ ስዩም ኩሉ ጊዜ ዝዝከር ስም ኮይኑ፡ ብሓዘን ዝዝከር ስም ግን ኣይኮነን። ስዩም ኣብ ጊዜ ምልዕዓል ናይ ቃልሲ ንያትን፡ ኣብ ጊዜ ዓቢ መኸተን ኣብ ጊዜ ዓወትን ዝዝከር ስም'ዩ ገዲፉ ከይዱ። ስዩም ኣብ ቀጻሊ ተዘክሮታት ገድልን ታሪኽን ህልዉ ስም'ዩ። እዚ ዓመት-ዓመት እንራኸበሉ ፌስቲቫላትና እኳ ክንደይ ተዘክሮታቱ ዝሓቘፈ ምኻኑ ኣብዚ ዘሎና ኵላትና ዘይንዝንግዖ ሓቂ'ዩ። ናይ ስዉኣት ሕድሪ ምቕጻል ነባሪ ናይ ተጋደልቲ ባህሪ ብምኻኑ ከኣ እንሆ መላእ ኣባላት ውድብናን ደገፍትናን ኣብ ሕጉን ናይ ቃልሲ መርሆ ተጸሚድና ክብ ዝበለ ዓወታት ኣብ ምሕፋስ ንርከብ። እቲ ሕጂ ብዓወት ዛዚምናዮ ዝመጻእና 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና'ኳ ሓደ ካብቲ መርኣያታት ደያቢ ዓወታትና ኢዩ።

ከም ኩሉ ጊዜ ናይ ሎምዘበን ፌስቲቫልና'ውን ነቲ ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን ብመጠኑ መዚኑን ተንቲኑን፡ እንታይከ ይገበር ንዝብል ሕቶ ኣልዒሉ ሓሳባት ንምልውዋጥ ዘብቅዕ መድረኽ እዩ።

ኤርትራዊ ኩነታት፦

ቅድሚ 15 ዓመት ህዝብና ኣብ ክብ ዝበለ ሓጕስ ጠሊቑ ንኣ ወርሒ መመላእታ ኣብ እልልታን ሳዕስዒትን ከሕልፎ ምኽንያት ነይሩዎ። ካብቲ ቀንዲ ምኽንያታት ከኣ እቲ ህዝብና እተቓለሰሉ ዕላማታት ዝትግበረሉ መዋእል መጺኡ ብማለት'ዩ። ንባህግታት ዲሞክራሲያዊ ምሕደራን፡ ምጣኔ ሃብታዊ ምዕብልናን ንራህዋን ቅሳነትን ኣብ ግብሪ ዘውዕል ፍትሓዊ ፓለቲካዊ ምዕራፍ ክጅመር ኢዩ ኢሉ ኣሚኑ'ዩ ሳዕሲዑ። እዚ ኹሉ ግን ከይተተግበረ ዝተረፈ ባህግታት ኢዩ።

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ'ውን እቲ ፓለቲካውን፡ ምጣነ-ሃብታውን፡ ሕብረተ-ሰብኣውን ኩነታት ኤርትራ፡ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ካብ ክፉእ ናብ ኣዝዩ ዝኸፍኤ ደረጃ እናተሳገረ ይኸይድ ኣሎ። ነዚ ኩነታት እዚ ከሒዱ "ሃገር ጽቡቕ ኣላ" ዝብል ባእታ ግን ጥዕና ዝጐደሎ'ዩ። ኤረ ብስስዔን ብውልቃዊ ጥቕምን ዓዊሩ ዘሎ ጠላሚ ድልየታት ህዝቢ ኢዩ!! ንከምዚ ዝዓይነቱ ዜጋ ንምምሃርን ንምቕያርን ከኣ ሰፍ ዘይብል ቃልሲ ክሓተና ጸኒሑ፤ ሕጂውን ይሓተና'ሎ። ናይ "ጽቡቕ ኣሎና" በሃልቲ ኣበሃህላ ንጐኒ ገዲፍና ፡እቲ ኣሰንባዲ ኩነታት ሃገርና ብኸምዚ ዝስዕብ ሕጽር ዝበለ ቃላት ክንገልጾ ንኽእል፤

1. ኢሳያስ ነቲ ብዓቢ ዋጋ እተጠርየ ክብሪ ሃገርነት በኪሉ፡ ንጅግና ህዝብና መሰላቱ ቀንጢጡ ናብ እስረኛ ለዊጥዎ። ከምቲ ተባዕ ኤርትራዊ ካህን - ማለት ኣባ ኣብርሃ ፍራንስዋ ቅድሚ ሰላሳ ዓመት ዝበሉዎ፡ "ዝረዓደ ህዝቢ ሃገር ኣይሃንጽን"። ስርዓት ኢሳያስ ንጅግና ህዝብና ናብ ዝረዓደ ህዝቢ እናቐየሮ ይመጽእ ኣሎ። ሃገር ግን ብኸምኡ ኣይትህነጽን።

2. ህግደፍ ንሓድነት ህዝብና ዘሪጉ፡ ንሕድሕዱ ዝነጻጸግ ህዝቢ ካብ ምግባር ዝተረፎ ብዙሕ ኣይኮነን።

3. ኣብ ውሽጢ ገዝኡ ስኒት ዘይብሉ ሃገርን መንግስትን ምስ ጐረቤት'ውን ስኒት ኣይህልዎን። ስርዓት ኢሳያስ ንህዝብና ምስ ኲሎም ጐረባብቲ ኣፋሊሱዎ፣ ናይ ዓለም ቈላሕታ እውን ኣስኢንዎ ይርከብ። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝገብሮ ከይኣክል፡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ጸገማት ኣብ ምዝራእ ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ። ነቲ ቀኑብ-ቀኑራብ ሃብቲ ሃገር ኣብ ክንዲ ኣብ ጥቕሚ ህዝቢ ዘውዕሎ ኣብ ናይ ጸጥታ ትካላቱን፡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ህውከት ኣብ ምዝራእን የውዕሎ ኣሎ። እዚ ነቲ "ጽንብላሊዕስ፡ እንታያ ዘይከደነት መሬት ከደነት" ዝብል ምስላ ዘዘኻኽር ኢዩ። እቲ ተግባራቱ ግን ብኹሉ ሚዛናት ኣዕናዊ ኢዩ። ሕንፍሽፍሽ ዝኣተዋ ጐረቤት (ኢትዮጵያ ትኹን ሱዳን) ንጥቕሚ ኤርትራ ኣይትውዕልን።

4. ብሰንኪ ስርዓት ኢሳያስን ጭፍራ ህግደፍን፡ እቲ መንእሰይ ወለዶ፡ ናይ ትምህርትን፡ ምዕባለን ስራሕን ዕድሉ ስለእተዓጽዎ ካብ ሃገሩ ንስደት ዝመርጸሉ መዋእል ኰይኑ።

5. 65 ካብ ሚእቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ ድኽነት ዝርከብን ዝኣክል መግቢ ዕለት ዘይረክብን ኢዩ ተባሂሉ ብሕቡራት መንግስታት ዓለም ተመስኪሩ።

6. ብ2005 ባጀት ምኒስትሪ ምክልኻል $220 ሚልዮን ዶላር ነይሩ፡ እዚ 18 ካብ ሚእቲ ናይቲ ሃገራዊ እቶት ኢዩ። ብዓቕሚ ኤርትራ ተገሚቱ፡ ካብቲ 3 ዝለዓለ ወተሃደራዊ ባጀታት ኣብ ዓለም ተቘጺሩ። ብብዝሒ ህዝባ ምስ ዝግመት እውን፡ ኤርትራ ዝለዓለ ቍጽሪ ኣብ ውትህድርና ዘጽመደት ሃገር ተባሂላ ተመዝጊባ ኣላ። ንኣልግሎት ጥዕና 5.7 ካብ ሚእቲ ናይ ጠቕላላ ኣታዊ ሃገር ኢዩ። ኣገልግሎት ማይን ጽርየትን ኣብ ውሽጢ ከተማታት ከይተረፈ ዋላ ንፍርቂ እቲ ህዝቢ ብግቡእ ኣይበጽሕን። ኣብ ገጠራት እኳ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

7. ነቲ ኩሉ ጃህራ ህግደፍ ዕርቃኑ ካብ ዘውጽእ ካልእ ሓቅታት ከኣ፡ ዝተሓተ ቍጽሪ ደቀንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ካብ ዘሳትፋ 5 ሃገራት ዓለም ኤርትራ ሓንቲ ኢያ። ኣብ ዓለም፡ ን50 ተመሃሮ ሓደ መምህር ዘሎወን ክልተ ሃገራት ጥራይ ኢየን። ሓንቲ ኤርትራ ምኻና ኢያ። ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ እሞ ኸኣ መኺኑ ተሪፉ። ሓደ ሪቻርድ ሪድ ዝብሃል ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ዩኒቨርሲቲ መምህር ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ ከምዚ ኢሉ ደምዲሙ፡ "ድሕሪ ናጽነት ካብቲ ንሳዋ እተዋህበ ኣቓልቦን ባጀትን ንዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ገለ ንኡስ ጭላፉ ተዋሂቡ እንተዝኸውን ናይ ሎሚ ኤርትራ ካልእ ሃገር ምኾነት"። ትርጉም ናይዚ ኣበሃህላ'ዚ ከኣ ኤርትራ ናይ መግቢ ጥሜት ጥራይ ዘይኮነ ናይ ፍልጠት ጥሜት የሳቕያን ኣብ መጻኢ ከሳቕያ ምኻኑን ኢዩ ዝሕብር።

ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኢሳያስን እቲ ጸቢብ ጒጅለ ህግደፍን ንኤርትራ ናብ ኩሉ ዜጋኣ ቅሳነት ዘይረኸበላ፡ ተጋዳላይ ዝነበረ ብቓልሱ ዘይኰርዓላ፡ መንእሰይ ወለዶ ንርእሱ ክምዕብልን ንሃገሩ ከማዕብልን ዘይንየተላ፡ ኣመንቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ዘይከብሩላ ሃገር ለዊጦምዋ።

እቲ ብቃልሲ ዝሃነጽናዮ ሃገርነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓጺር ዓመታት ብብዙሕ ሸንኻቱ ተዳኺሙ። ጸቢብ ፍልልያት ተራጒዱ፡ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት ዓሚቑ፡ እዚ ከኣ እቲ ዝኸፍኤ ኣበርክቶ ናይ ኢሳያስን ህግደፍን ኢዩ። እዚ ስርዓት እዚ ብዝቕልጠፈ ጊዜ ክለግስ ኣሎዎ ምእንቲ ዝኸፍኤ ከይመጽእ። ዝኸፍኤ ከይመጽእ ከኣ ኢና ኣትሪርና ንቃለስ እንብል ዘሎና።

## ሹነታት ውድብና

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሕሉፍን፡ ህልውን መጻእን ፖለቲካዊ ቃልስታት ኤርትራ ዓቢ እጃምን ጽልዋን ዝነበሮን፡ ዘሎዎን ዝህልዎን ውድብ ኢዩ። ብብዙሕ ኣገዳሲ መዐቀኒታት እተማልኤ ስእሊ ናይ ጽባሕ ኤርትራን፡ መንጸበረቕታ ባህግታትን ሓቀኛ ድልየታት ህዝብና ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ልሉይ ውድብ ኢዩ።

1. ነቲ ስርዓት ንምምሓውን ብዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትክኡን ዝቃለስ ውድብ ኢዩ።
2. ሓድነት ህዝብና ዝሕሉ፡ መትከላት ሓድነትን ግዝኣተ ሕጊ ንዘፍርሱ ዝገንሕን ዝምህርን ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ውድብ ኢዩ።
3. ንፖለቲካዊ ነጻነቱን ፖለቲካዊ ነጻነት ደንበ ተቓውሞን ኣብ ምክልኻል ዓይኑ ሰም ዘይብል ውድብ ኢዩ። ማለት ከምቲ ስዉእ ስዩም ዝበሎ፡ "ኣብ ጕዳይ ሃገርን መትከላት ውድብን ጕንብሕ-ጕንብሕ ምባል እንተተጀሚሩ፡ በጠበጥ ምኻድ'ውን ክመጽእ ይኽእል ኢዩ" ኢሉ ኣንዊሑ ጠሚቱ ዝቃለስ ውድብ ኢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ቍሩብ ዓመታት እኳ፡ እዚ ውድብ'ዚ ብብዙሕ ወስታታት ተፈቲኑ'ዩ። እቲ ክምህ ዘይብል መሰረታቱ ብትብዓትን ተወፋይነትን ስለ እተዋደቐ፡ ነቲ ውድብ ኣብ ባህርያዊ ቦትኡ መሊስዎ። ሎሚ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናብ ዝለዓለ መድረኽ ቃልስን ሓድነትን ዓወትን ንምምራሽ ምስ ዝመሳሰልዎ ሃገራውያን ዲሞክራስያውያን ውድባትን ጕጅለታትን ሰብ ጽቡቕ ድልየት ባእታታትን ኰይኑ ንደንበ ተቓውሞ ኣብ ዝጠጥሐ ባይታ ክመርሓን ከዐውቶን ቃልሱ ይቕጽል ኣሎ።

እቲ ቅድሚ ሓደ ሰሙን እተዛዘመ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ዓቢ መርኣያ ሃለዋት ውድብና ኢዩ። ጉባኤና ብዙሕ ፍሉይ ዝኾነ መልክዕ ነይሩዎ፡-
ኣብ መኽፈቲ ጉባኤ
1. ብዙሓት ኣጋይሽ ተኻፊሎምን ቃል ውድቦም ኣቕሪቦምን፡፡ ካብቶም ኣጋይሽ፡ መሪሕነታት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ተሓኤ፡ ተሓኤ-ሃገራዊ ጉባኤ፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ህደግኤ (ሳግም)፡ ሰደግኤ፡ ኤርትራዊ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያ ምንቅስቓስ፣ እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ምዕብልናን፡ ነይሮም። መልእኽትታት ካብ ሰልፊ ዲሞክራስን፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን። ናይ ኢንተርነት መርበባትን፡ ኣገደስቲ ውልቀሰባትን፡ ኣውራ ከኣ ካብ ተበግሶ መንእሰያትን ኣብቲ ጉባኤ ተነቢቡ።
2. ንመጀመርያ ጊዜ ተዓዘብትን ወከልቲል ዜናን ኣብቲ ጉብኤና ተኻፊሎም።
3. ተሳትፎ መንእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ርኡይ ነይሩ። (ትሕቲ 30 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰይ ካብ 30 ዘይውሕዱ ነይሮም። 10 ከኣ ደቂ ኣንስትዮ።)
4. ምስቲ ንጉባኤና ዘካብቦ ኩነታት ምስ እንመዝኖ፡ ቍጽሪ ተሳተፍቲ ክብ ዝበለ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ካብ 156 ንኢትዮጵያ ካብ እተወከሉ ኣባላት፡ 126 ኣብ ጉባኤ ተኻፊሎም።)

ውጽኢት ጉባኤ፡-

1. ፖለቲካዊ ውሳኔታትን፡ ዓበይቲ ለውጥታት ኣብ መደብ ዕዮን፡-

- እቲ ዝለዓለ ውሳኔ 6ይ ጉባኤ ሰልፊ ናይ ምቛም ውሳኔ ኢዩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መደብ ዕዮን ራኢን ምስ ዝመሳሰልዎ ውድባትን፡ ጕጅለታትን ውልቀሰባትን ሓደ ሰፊሕ ሰልፊ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክምስርት ኢዩ
- ኣብ ውሽጢ እዚ እተባህለ ጊዜ፡ ውድብና ምስ ዝመሳሰልዎ ውድባት ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ግንባርዊ ሓድነት ክበጽሕ ጉባኤ ንመሪሕነት ስልጣን ሂብዎ።
- ኣብቲ ንስርዓት ህግደፍ ኣብ ምውዳቕ ዝግበር ቃልሲ ጽዓት ኩሉ ዝካኣል ኣገባብ ቃልሲ ምጥቃም።
- 6ይ ጉባኤ ነቲ ኣብ መደብ ዕዮና ዝነበረ ኣምር ምእኩል ኣገባብ ምሕደራ ዝያዳ ኣነጺርዎ። ከምዚ ኽኣ ይብል፡ "ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ቅርጺ ናይቲ ስርዓት፡ ኣብ መትከል ዘይምእኩል ምሕደራ ዘዕቆበ፣ ብደረጃ ኣውራጃን፡ ወረዳን ዓድን ፍትሓዊ ኣከፋፍላ ስልጣንን ሃብትን እተመርከሰ ሓጋግን ፈጻምን ነጻ ፈራድን ትካላት ዘሎዎ ኣብዛሓ ሰልፋዊ ስርዓት ምቛም።"
- ዋንነት መሬት ኣብ ኢድ ህዝቢ ይጸንዕ ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ድሮ ካብ ህዝቢ ብዲክተቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ እተመንዝዐ መሬት ናብ ዋናታቱ ብፍትሓውን ሕጋውን መንገዲ ክምለስ ኢዩ።
- ንሃገራዊ ምጣኔ ሃብቲ ብዝምልከት ከኣ፡ ውድብና ንረብሓ ውጹዓት ክፍልታት

ሕብረተሰብ ዝከላኸል መደባት ዝሰርዐ ናይ ነጻ ዕዳጋ ኢኮኖሚ ዝሰረቱ ቍጠባዊ ፖሊሲ ይኸተል።

2. ኣብ ስርርዓዊ መዳይ፡-

• ስርዒታዊ ቅርጻ ውድብ ጨንፈር፡ ዞባ፡ ፈጻሚ ሽማግለ፡ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ይኸውን።(ካብ ቅርጻ ውድብ ጉጅለ ይተርፍ ማለት ኢዩ።)

• ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካል ካብ ሸውዓተ ናብ ትሽዓተ ልዒሉ። ማለት፡ ንመዓልታዊ ንጥፈታት ውድብ ዝከታተል ቤት ጽሕፈት ምክትል ኣቦ መንበርን፡ ኣገዳስነቱ ብምርኣይ ናይ መንእሰይን ደቂ-ኣንስትዮን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ተወሲኹ ኣሎ።

3. ኣብ ሓድነታዊ ጉዳያት፡-

• ንኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ምድልዳል ውድባን ቀጻሊ ጽዓታት ክካይድ ኢዩ።

• ነቲ ዘሎ ኪዳን ንምድልዳል፡ መሪሕ ዝኾኖ ድልዱል ውድብ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ምህናጽ ኣድላይነት ከም ዘሎዎ ርእዩ።

ደንበ ተቓውሞ፡-

እቲ ከባቢ ሓደ ዓመት ዝዕድሜኡ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ካብቲ ቅድሚኡ ዝጸንሐ ኣዕናዊ ሸንኰለል ናይ ምሕዝነት ወጺኡ ህዝቢ ዝኣምኖም ውድባት ክሳተፉዎ ካብ ዝጅምሩ፡ ካብኡ ንናብኡ ገለ ትስፉው ናይ ተቓውሞ ምትእኽኻብ ኰይኑ ተራእዩ። በዚ ዝተባህለ መዐቀኒታት ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ተጓዒዙ። ኰይኑ ግን እቲ ኪዳን ከማልኦ ዝነበሮ ዕማማት ብዙሕ ስለዝተረፎ፡ ንሓያለይ ኤርትራውያን ከም ኣዕጋቢ መተካእታ ኰይኑ ኣይተራእየን። ካብቲ ቀንዲ ጉድለታቱ ከኣ ድኽመታት ኣባል ውድባቱን፡ ድኽመት ቻርተርን፡ ቅዋምን ክጥቀስ ይከኣል።

እቲ ሓቂ፡ ዝበዝሐ ኤርትራዊ ሓንቲ ብትሕተ-ሃገራዊ ፍልልያት ዝማሰነት ሃገር ክሃንጽ ኣይደልን፣ ከምዘይካኣል ስለ ዝፈልጥ። ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ ካብ ዝኾነ ውድብን ምትእኽኻብን ብዘይትሕት መንገዲ፡ ንመሰል ብሄርን ሃይማኖትን ዝሓለቐ ውድብ ኢዩ። እቲ ብዛዕባ ሃይማኖታትን ብሄራትን ኣብ ውሽጢ ቻርተር እተጠቕሰ ነጥብታት ግን መሳርሒ ፕሮፓጋንዳ ህግደፍ ካብ ምኻን ሓሊፉ፡ ጥቕምን ዓቢ ትርጉምን ዘሎዎ ኣይኮነን ንብል።

ከምኡውን፡ ንኹሎም ኣባላት ኪዳን ከም ማዕረ ዝኾኑ ውድባት ምቍጻር ካብቲ ምትዕርራይ ዘድልዩ ጉዳያት ኢዩ። ነዚ እተጠቕሰ ነጥብታት ነመሓይሽ ንምባል ከኣዩ ናይ ኪዳን ጉባኤ ኣብዚ ዓመት እዚ ክግበር መደብ ወጺኡ ዘሎ። ውድብና ምስ ኲሎም ኣባላት ኪዳን ተመያይጡን ተረዳዲኡን ነቲ ጉባኤ ኪዳን ክዓውት እናማዕደወ ኢዩ ዘሎ።

ውድብና ኣብ ምጥርናፍ ዝመሳሰል መደብ ዕዮታትን ውድባትን ይኣምን። እቲ ምጕጅጃል ደንበ ተቓውሞ ከብቕዕ ኣሎዎ። ካብኡ ሓሊፉውን ንደንበ ተቓውሞ ዝመርሕ ስጡምን ድልዱልን ፓለቲካዊ ሓይሊ ክምስረት ይሓትት ኣሎ።

ጐረባብቲ ሃገራት፡-

ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዝህልወና ዝምድና ኣብ ናይ ሕድሕድ ጥቕምን ምክብባርን እተመርኰሰ ክኸውን ኢና እንቃለስ። ነዚ ኣቓም እዚ ከኣ ብግሉጽን ብሩህን ቃላት ጌርና ደጊምናዮ ኣሎና። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ እቲ ምስ ምሕዝነት ሰንዓ (ኢትዮጵያን ሱዳንን የመንን) ዝነበረ ርክብ ሕጂውን ዘቃልስ ባይታ ኣሎዎ። ንጥቕሚ ውልሰሰባትን ጉጅለታትን ዘይኮነ ንጥቕሚ ቅኑዕ ቃልስና ከነጠጥሖ ከኣ ናይ ኲልና ምብልሓት ይሓትት።

ኣብዚ ግን ክጥቀስ ዘሎዎ ነጥቢ ኣሎ፤ እቲ ናይ ለውጥን ዲሞክራስን ቃልሲ ብኤርትራዊ ድልየትን ገንዘብን ጉልበትን ክዕወት ኣሎዎ። ናይ ተቓውሞ ውድባት ካብ ኣዝዩ ተጸባይ ምጽዋት ጐረባብቲ ካብ ምኻን ክወጽእ ኣሎዎ። ነዚ ንምግባር ከኣ እቶም ካብ ቃልሲ ፖለቲካዊ ውደባ፡ ብጥቕምታትን ብስስዕን ሓኪሎም ዘሎዉ ወዲ ሃገርን ጓል ሃገርን ኣብቲ ስሩዕ ቃልሲ ውድባትን ሰልፍታትን ተቓውሞ

ኤርትራ ተጸሚዶም ክውፈዩ ይጽውዑ ኣሎዉ። ነዚ ጻውዒት እዚ ጸማም እዝኒ ዝሀቡ ደቂ ሃገር ግን ካብቶም ደገፍቲ ስርዓት ኣስመራ ብዙሕ ዝፍለዩ ኣይኮኑን። ዓንቀፍቲ ቃልስን ኣደንጐይቲ ዓወትን እውን ክቑጸሩ ይኽእሉ። ስለዚ ነቶም ጌና ኣብ ውድባት ዘይተጸንበሩ ንስርዓት ኣስመራ ንቃወሞ ኢና በሃልቲ ናብ ዝመረጽዎ ፓለቲካዊ ውድብ ክይወዓሉ ክይሓደሩ ክጽንበሩን፡ ንነጻ ኤርትራዊ ርእይቶ ውድባት ተቓውሞ ከደልድሉን ንዓወት ተቓውሞ ክቀላጥፉን ካብዚ መድረኽ ስዉኣት፡ ካብዚ መድረክ ስዉእ ስዩም፡ ካብዚ መድረክ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንጽውዖም ኣሎና።

ኣብ መደምደምታ፡ ደጊመ ዕዉት ፈስቲቫል ይግበረልና እናበልኩ ንኹሎም እቶም ነዚ ሰፊሕ ኤርትራዊ በዓል እዚ ዕዉት ክኸውን ብኹሉ ዓቕምታቶም ዝጽዕሩ ዘሎዉ ብጾት ክብ ዝበለ ምስጋና ይብጻሓዮም።

ብቓልሲ ፍትሓዊትን ዲሞክራሲያዊትን ኤርትራ ክንምስርት ኢና።

ክብርን ዘለኣለማዊ ዝኽርን ንስዉኣትና።

## ቃል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መስመር ጕባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ዝኽበርኩም ኣባላት መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፣

ዝኽበርኩም ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ መስመሪ ጕባኤ፣

ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማት ኣጋይሽ፣

ብቐዳምነት፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ናብ መስመሪ ጕባኤኡ ንኽንሳተፍ ዝገበርልና ዕድመ፡ ብስመይን ብስም መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ክብ ዝበለ ምስጋናይ ከቕርብ እፈቱ። ኣስዒቡ፡ እንቋዕ ናብ'ቲ ንነዊሕ እዋን ዝጽዓርኩምሉ መስመሪ ጕባኤኹም ኣብጽሓኩም ብምባል፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ሓጐስኩም ተኻፈላይ ምዃኑ ክረጋግጸልኩም ኣፍቅዱለይ።

ክቡራትን ክቡራንን፡

ጕባኤኹም፡ ኣብ ኣዝዩ እተሓለለኽ ውሽጣውን ዞባውን ዓለማውን ኵነታትን፣ ከምኡ ውን፡ ኣብ ዞናና ቅልጡፍን ግዜ ዘይህብን ምዕባለታትን ብድሆታትን ኣብ ዝግሃደሉ ዘሎ እዋን ይካየድ ብምህላዉ፣ ተሳተፍቲ መስመሪ ጕባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፡ ብማዕረ'ዚ ብድሆታት'ዚ ክብ ኢልኩም ክትርከቡን፣ ነቲ ህዝብና፡ ኣብ ትሕቲ ምልኪ ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ዘሕልፎ ዘሎ ኵሉ መዳያዊ ዓጸባን ሓሳረ-መከራን ንምልጋስን፣ ፍትሕን ሰላምን ራህዋን ማዕርነትን ዝነገሰን፡ ሰብኣዊ መሰላት ህዝባ ዝኽበረላን ሃገር ንምህናጽ ዘኽእል ንርሑቕ ዝጠመተ መደብ ዕዮ ክትሕንጽጹን፡ ነዚ ኣብ ግብሪ ንምዕዋል ዘብቅዕ ውሳኔታት ክትወስዱን ዓቢ ትጽቢት ይግበረልኩም ኣሎ።

መስመሪ ጕባኤኹም፡ ነቲ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ክግሃድ ዝጸንሐ ናይ ምፍንጫላትን ምብትታንን ተርእዮታት ዝዓጽፍን፣ ንሓድነት ናይ'ቶም ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ባብ ዘርሑን ክኸውን ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና። ውድብና፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ ቍሩብ ሳምንታት ኣብ ዘካየዶ 6ይ ሃገራዊ ጕባኤኡ፡ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባት፡ ናብ ምምስራት ናይ ሓደ ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ገጾም ክምርሑ ከምዝጸውዐ ዝዝከር ኢዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ውድብና፡ ነቲ ንምርግጋጹ ተኣኪብኩምሉ ዘለኹም ናይ ሓድነት ዕላማ ብምሉእ ልቡ ከምዝድግፎን፡ ኣብ ጕድኒ ሓድነትኩም ደው ብምባል ንዝለዓል ሓድነት ክቃለስ ቅሩብ ምዃኑን ደጊምና ክነረጋግጸልኩም ንፈቱ።

ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣገዳሲ ኣወንታዊ ስጕምቲ ኣብ ሓባራዊ ዕዮ ምዃኑ ዘይከሓድ'ኳ እንተኾነ፣ ቅቡል ዲሞክራስያዊ መታካእታ ንምዃን ግን ብዙሕ ዝተርፎ ጕዳያት ከምዘሎ ርዱእ ኢዩ። ቅቡል መተካእታ ንምዃን ድማ፡ ብቐዳምነት፡ ንዝፈላልዩ ጕዳያት ገዲፉ፡ ኣብ ኵሉ ዝሰማምዓሉ ሓባራዊ ዕላማታት ክስረት ከምዘለዎ ዘካትዕ ኣይኮነን። ጕባኤኹም፡ ነዚ ንምርግጋጽን፣ ንኪዳን ኣብ ቅድሚ'ቲ ዝግሃድ

ዘሎ ህጹጽ ምዕባለታት ዘይብገር መሳርሒ ንምግባሩን እኛሙ ከልዕል ትጽቢት ይግበረሉ ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ጉባኤኹም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንኸተካይዱ ዝተሓባበርኹም ዅሎም ፈተውቲ ሃገራት መጐስናን ምስጋናናን ንግለጽ። ጉባኤኹም ነዚ ዝምድናታት'ዚ ዘደልድል መደባት ሒዙ ክወጽእ ምኻኑ ጽኑዕ እምነት ኣሎና።

ዕዉቱን ስኒት ዝመልኡን ጉባኤ ይግበረልኩም።
ዓወት ንመስመሪ ጉባኤኹም
ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልስታት ህዝብና!
ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ፈጻሚ ሽማግለ
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
15.08.2006

## ናይ ደገፍ መልእኽትታት ናብ 6ይ ጠቕላል ጉባኤ ተሓኤ ሰ-ባይቶ

### 1. ብስም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ተሓኤን

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ምምካት ህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልስታት፡ ናብ ግብራውን ውጹብን ደረጃ ክብ ዘብል፡ ዕቱብ ሃገራዊ ሰልፊ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ተጋድሎና ዝኾነ ጉባኤኹም ኣኽሊል ብምድፋኡ፡ ብስም መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ብስም መሪሕነትን መሰረታትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፡ እንቋዕ ሓጐሰኩም ክብል እፈቱ። ከምኡ ውን፡ ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ነቲ ብኣካል ካባና እተፈልየ ብመንፈስ ግን ምሳና ዘሎ፡ ናይ ቃልሲ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ክሳዕ ዕላማታት ህዝብና ኣብ ሽቶኡ ዝበጽሕ ዘይሃስስ፡ ኣብ ኣእሙሮ መቓልስቱ ዝገደፎ ናይ ገድልን ተወፋይነትን መንፈስ፡ መጐሰይ ክገልጽ ኣፍቅዱለይ።

ክቡራት ኣሕዋት፡

ጉባኤኹም፡ ብደረጃ ሃገር ይኹን ብደረጃ ዞና ኣብ ሕድሕዱ ዝጸላሎ ተረኽቦታትን ምዕባለታትን ኣብ ዝግሃደሉ፤ እቲ ብሓይልታትን ውድባትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝግለጽ መስርሕ ሃገራዊ ተጋድሎና፡ ብኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ መድረኽ ኣብ ዝሓልፈሉ ዘሎ እዋን'ዩ ዝካየድ ዘሎ። ስለ'ዚ፡ ካብ'ዚ ኣብ እንግድዓ ህዝብና ተጻዒኑ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘናግፈና ዕላማታት ንምዕዋት፡ ንኹሉ እንውንኖ ዓቕምታት ብሓባር ከነዋፍርን ጽዓታትና ከነኻዕብትን ይግባእ።

ክቡራት ኣሕዋት፡

ኵሉ ሃገራዊ ሓይልታት፡ ኪዳን ኰነ ውድባቱ፥ ከምኡ ውን፡ ዅሎም ኤርትራውያን በርገሳውያን ክልታት፡ ግዜኦምን ጽዓታቶምን ኣብ ሃገራዊ ዕላማታት ክጸምዱን፤ ፖለቲካውን በርገሳውን ንጥፈታቶም ክብ ብምባል፡ ንሃገራዊ ድሕነት ክሰርሑን፤ ህዝብና ዝጽበዮ፡ ንሾሉ ዘሳትፍ ናጻ ሃገርን ዲሞክራሲ ዝሰፈኖ ብሩህ መጻኢን ክውን ንምግባርን ክሰርሑን ይጥለቡ ኣለዉ። ኣብ መደምደምታ፡ ጉባኤኹም፡ ንጉዕዞ ሃገራዊ ተጋድሎ ዘሐይል፡ ንስቅያት ህዝብና ዘሕጽር ውሳኔታትን ለበዋታትን ክሕልፍን፤ ስኒት ዝሰፈኖን ዕዉትን ጉባኤ ክኾነልኩምን እምነ።

ሑሴን ኸሊፋ
ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን
ኣቦ መንበር ተሓኤን
23.07.2006

### 2. ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ

ሰክረታርያ ሰደኤ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዓወት ክዛዘም ዘለዎ ልዑል ምንዮት፡ ብስም ማእከላይ ባይቶን ምሉኣት ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ይገልጽ።

6ይ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ ሓጺር ልዑላዊ ዕድሚኣ ኣጋጢምዋ ዘሎ

ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ጥርዙ በጺሑ ንለውጢ ቅርብቲ ኣብ ዘላትሉ፡ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ድማ ንድሕነት ህዝቢ፡ ምርግጋጽ ህላዌን ቀጻልነትን ልኡላዊት ኤርትራን፡ ብሓባር ደው ኢሎም መኸትኦም የተሓባብሩን የሐዩሉን ኣብ ዘለዉሉ ህሞት ይጋባእ ብምህላዉ፡ ፍሉይ ታሪኻዊ ሓላፍነት ይህቦ። ጉባኤኹም፡ ዓበይቲ ብድሆታት ብጽንዓት መኪቱ፡ ናጻን ዲሞክራስያውን መርገጺታት ሰውራዊ ባይቶ ኣሐዩሉ፡ ኣብ መንጐ ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ግቡእ ቦታኡ ዝሕዘሉ ባይታ ክምድምድ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ዘለዎ ልባዊ ምንዮትን ምትእምማንን ደጊሙ ይገልጽ።

ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ፡ ከም ኵሎም ጭጉራፎም ኣንጻር ህዝቦም ዘቕንዑ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት፡ ብናይ ገዛእ ርእሱ ውሽጣዊ ምብላዕ ተዳኺሙ፡ ኣብ ገምገም ጸድፊ ይርከብ'ኳ እንተሎ፤ ኤርትራውያውን ተቓወምቲ ውድባት፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ካብ ስልጣን ምእላይ፡ ከም ናይ መጀመርታ እምበር፡ መዛዘሚ ዕላማ ክወስድኦ ኣይግባእን። ዝዓበየ፡ ልዑልን ከቢድን ጻዕሪ ዝሓትት ዕማም፡ ንኵሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ኵሉ ህይወት ሃገሩ፡ ብማዕረ ዘሳትፍ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ስለዝኾነ። እዚ ዲሞክራስያዊ ራእይ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ደምበ ተቓውሞና ፈሊሱ፡ ኣብ ሓራ ሃገርና መታን ክጥጥዕ፡ ምቹእ ሃዋህውን ባይታን ናይ ምፍጣር ሓላፍነት ናይ ኵሉ ሓይልታት ተቓውሞ ኰይኑ፡ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ'ውን ኢዩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ'ዚ ኣረኣእያ'ዚ ተበጊሱ ዝተኸተሎ ሜላ ዓቺቡ፡ ኵሉ መዳያዊ ተጻብኦታት መኪቱ፡ ነዚ ጉባኤ'ዚ ከጋብእ ምብቅዑ፡ ንኹሉ ተቓላሳይ፡ ብፍላይ ድማ ነቲ ጸቢቡዎ ዘሎ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝብና ተስፋ ዝህብ ኢዩ።

እምበኣርከስ፡ 6ይ ጉባኤኹም፡ ዕቱብን ነቐፌታውን፡ ውሽጣውን ግዳማውን ገምጋም ገይሩ፥ ነዊሕ ዝጠመተ ዕላማኡን ራእዩኡን ደጊሙ ኣነጺሩን ኣሐዩሉን፥ ንጥምረት ሓይልታት ተቓውሞ ሓድሽ ድፍኢት ብምሃብ ከትርርን ናህሩ ከዛይድን፥ ሃገራዊ ሓድነትን ዲሞክራስያዊ መሰላትን ህዝብና ኣብ ምርግጋጽን ምዕቃብን ተወሲኹቲ ረቛሒታት ዝኾነ ውሳኔታት ብምሕላፍ ከም ዝድምደም ኣይንጠራጠርን።

ክብሪ ንስውኣትና፡
ሰክረታርያት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
18.07.2006

## 3. ቃል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ዝኸበርኩም ጉባኤኛታት፡

6ይ ጉባኤኹም፡ ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ሃገራዊ ኵነታትን ቅልጡፍ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን ለውጥታትን ዝግሃደሉ ዘሎ መድረኽ ብሓደ ወገን፤ በቲ ካልእ ወገን ከኣ፡ ኣብ ጽባሕ መስዋእቲ
ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ተጋ/ ስዩም ዑቕባሚካኤል ይሳለጥ ምህላዉ፡ ረዚን ሓላፍነት ዝተሰከመ ጉባኤ ምዃኑ ነስተብህል። ስለዝኾነ ከኣ፡ ማዕረ'ቲ ፖለቲካዊ ተሃዋስነት ንቕድሚት ንምስጓም፡ በቲ ዘጋጠመ ግዝያዊ ዕንቅፋታት ከይተሰናኸልኩም፡ ብዘርኣኹምዎ ህጹጽን ለባምን ተዓጻጻፍነት፡ ጉባኤኹም ኣብ'ቲ ዝተወሰነሉ ግዜን ዕለትን ከተሰላስሉ ምብቃዕኩም ዝተሰምዓና ሓጐስን ኰርዓትን ደረት የብሉን።

ዝኸበርኩም ጉባኤኛታት፡

ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግዲፍ ብሰንኪ ኽኽተሎ ዝጸንሐን ዘሎን ግጉይ ፖሊሲታትን ኣዕናዊ ተግባራትን፡ ሃገርና ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ናብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቓ ከምዘላን፥ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ናብራን ንኵላትና ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ ምዃኑ ዝስሓት ኣይኰነን። ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ከኣ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ደጊምና ምግላጹ፡ ግዜኹም ካብ ምቕታል ሓሊፉ ካልእ ፋይዳ የብሉን። ካብ'ዚ መሰረታዊ ድሕረ ባይታ ብምብጋስ ድማ፡ ዕኹኹን ሓያልን ደንበ ተቓውሞ ንምህናጽ፡ ምንጽጻግን ምርሕሓቕን ኣወጊድና፡ ምክብባር ዝዓሰሎ ዕቱብ ዘተታትን ልዝባትን ግብራዊ ሓድነትን ንምርግጋጽ፡ ንጥለበሉ መድረኽ ምዃኑ ዝከሓድ ኣይኰነን።

ስለዝኾነ ከኣ፡ ጉባኤኹም፡ ንህልዊ ሃገራዊ ኩነታትን፥ ኣብ ከባቢና ዝምዕብል ዘሎ ቅልጡፍ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን ግቡእ ሚዛን ኣዕሪፉ፡ ብኣገደስቲ ውሳኔታት ተጸንቢሉ ክወጽእ ዘለና እምነት ጽኑዕ ኢዩ። ኣብ መደምደምታ ከኣ፡ ንጉባኤኹም ዝተማልአ ዓወትን ኣሳልጦን እናተመነና፡ ዝምድናና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ንምብጻሕ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ገድላዊ ድልውነትና ነረጋግጸልኩም። ከምኡ ውን ጉባኤኹምን ጉባኤታትናም ንምዕዋት ዘይሕለል ፖለቲካውን ንዋታውን ደገፎም ንዘበርከቱ ጐረባብቲ ሃገራት ክብ ዝበለ ምስጋናና ነቕርብ።

ዓወትን ኣሳልጦን ን6ይ ጉባኤኹም
ሰላምን ቅሳነትን ንወጹዕ ህዝብና!!
ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
23.07.2008

## 4. ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ

ናብ ትሕዝቶ መልእኽተይ ቅድሚ ምእታው፡ እንቋዕ ናብ ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብጽሓኩም ኢለ፡ ብስመይን ብስም ውድብይን ዘሎኒ ብጻያዊ ሰላምታይ ኣቕርብ። መስርሕ ጉባኤ ንፖለቲካዊ ውድባት ዳገመ ልደት ኢዩ። ጉባኤ፡ ንኣባላት ኩነ ደገፍቲ ውድባት ተሃድሶ ኢዩ። ጉባኤ፡ ምንጪ ናይ ተመኩሮ ኢዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ድሕሪ ዓመታትን ብዙሕ መስዋእትን ናብ ሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ብምብቃዕኩም ደጊመ እንቋዕ ሓጐሰኩም እብል።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ'ቲ ዝጸንሐ ተመኩሮ ብምብጋስ፡ ንጹር ዝኾነ ናይ ቃልሲ ኣንፈትን፤ ብሓደስቲ ርእይቶታትን፡ ብሃናጺ ለበዋታትን ዝተቐልቀለ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ቀሪጹ፡ ነዚ ንምትግባር ከኣ፡ ተግባራዊ ዝኾነ ውድባዊ ሕገ-ህንጻ ከምዘጽድቕ ብምትእምማን፡ ውድብና ኣብ ዘራኽቡና ሓቅታት ሃገራዊ ጉዳያት ከም ወትሩ ምሉእ ምትሕብባርን ናይ ተመኩሮ ምልውዋጥን ካብ ምግባር ከም ዘይነብኩር ደጊመ ከረጋግጽ እፈቱ። ስለ ዘድመጽኩምኒ ኣመስግነኩም። ብዓወት ከም እትዛዝሙ ብምትእምማን ሰናይ ትምኒተይ እገልጽ።

ዓወት ንሻዱሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰ-ባይቶ!!
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
መትከላት ዲምሓኩኤ ንዘልኣለም ክዕንብቡ ኢዮም
ፈጻሚት ሽማግለ ዲምሓኩኤ
23.07.2006

## 5. ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ጉባኤኛታት

ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ክንርከበን፥ ውድባዊ ናይ ደገፍ ቃል ክንህብን ብዝገበርኩምልና ዕድመ መሰረት፡ ኣብ መንጐኹም ተረኺብና ቃል ክንህብ ብምብቃዕና እናመጐስና፤ ኣብ'ዚ ንምብጻሕ እንቋዕ ኣብቃዓኩም እናበልና፡ ጉባኤ ኣገደስቲ ውሳኔታት ብምውሳን ዕዉት ኰይኑ ንኽወጽእ ዘለና ልባዊ ትምኒት ክንገልጽ ንፈቱ።

እዚ ጉባኤ'ዚ ዝጋብኣሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ውድዓዊ ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን ክንመዝን ከለና፡ ኩሉ መዳያዊ ወጽዓን በደላትን ናይ'ቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ዲሞክራስን ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ካብ ዝጸንሓ ከቢዱን ዓሚቑን ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ፡ ህዝብታትና ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰሎም ፍጹም ታጋሂሱ፥ ሰላምን ምርግጋእን ተሳኢኑ፥ ነቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ፖለቲካዊ ህይወት ንምስኳዕን ምቕናይን ዝግበር ኣፍራሲ ኩናት ናይ ምክያድ ሃዋህው ዝለዓለን ህያውን ኣብ ዘለወሉ ኩነታትን፥ ኣፍራዪ ሰብኣዊ ጉልበት ሃገርና ካብ ኣፍራዪነት መሊኡ ኣብ ዝተመዛበለሉን ናይ ግዱድን ኣፍራስን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሓውሲ ጊላዊ ማእቶትን ኣብ ዝተዋፈረሉን፥ ስድራ ቤታት ኤርትራ ኣላዪን መራሕን ስኢነን ኣብ ዝሳቐያሉን ዝፈርሳሉን ኩነታት፥ ማሕበራውን ቍጠባውን ጸገማት ሰፊሑን ዓሚቑን፡ ጥሜትን ዓጸቦን ሕማምን ኣብ ዝነገሰሉ ኩነታት ኢዩ ዝጋባእ ዘሎ። ....

ዝኸበርኩም ጉባኤኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን፡ ውድብና፡ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ (ህደግኤ) 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ

ሰውራዊ ባይቶ ኣገደስቲ ሃገራውን ህዝባውን ስትራተጂታትን ውሳኔታትን ወሲኑ፡ ብዓወት ክወጽእ ካብ ምምናይን ምጽባይን ሓሊፉ፥ ምስ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ሃገራዊ መትከልን ዕላማን ዝተሰረተ ዝምድና ኣደልዲሉ፥ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝካየድ ዘሎ ውዕውዕ ሃገራዊ ቃልሲ ንምዕዋት፡ ኣብ ናይ ምክብባርን ምጽውዋርን ምድግጋፍን መትከላት ዝተሰረተ ዝምድና ብምሕያል፡ ሃገራዊ ዓቕምታትና ኣብ ሓደ ክጥርነፍን ስሙር ሃገራዊ ግንባርና ኤዲኪ ዝተዋሃሃደን ኣድማዕን ማእከልን ናይ ደምበ ተቓውሞ ኰይኑ ክነጥፍ ንምብቃዕ ኣብ ዝገበሩ ናይ ቃልሲ መዳያት ኣብ ጐኑ ጠጠው ብምባል ክቃለስ ምዃኑ በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዚ ይገልጽ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ጉባኤኛታት፡

በዚ ታሪኻዊ ዕለት'ዚ፡ ደጊምና ክንጠቕሶ እንደሊ ነገር እንተሃለወ፡ እዚ ጉባኤ"ዚ፡ ንህልዊ ወድዓዊ ኩነታትን ጸገማትን ናይ ሃገርናን ህዝብታትናን ብግቡእ ገምጊሙ፡ ነዞም ሽግራት እዚኣቶም ንምፍታሕን፡ ሃገርናን ህዝብናን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ከድሕን ዝኽእል ሃገራዊ ስትራተጂ ክሕንጽጽን፥ ኣገደስቲ ሃገራዊ ውሳኔታት ክውስንን ብዓወት ክወጽእን እናተመነና፤ ውድብ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ በዚ ታሪኻዊ ጉባኤ'ዚ ኣቢሉ ዝውስኖም ሃገራዊ ዕላማታት ንምዕዋትን፥ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ንምውጋድ ኣብ ዝግበር ቃልስን ውድብና ህደግኤ ኣብ ጐንኹም ጠጠው ብምባል ክቃለስ ቅሩብ ምዃኑ ክንገልጸልኩም ከሎና፡ ኰርዓትን ሓበንን ይስምዓና። ኣብ መጨረሻ፡ ጉባኤ፡ ብሰናይ ክሰላሰልን ዓወት ጨቢጡ ክጽንበልን ንምነ።

ዓወትን ድምቀትን ን6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ
ሰውራዊ ባይቶ
ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!
ህደግኤ
23.07.2006

(ዝተረፈ መልእኽትታት ኣብ ዝመጽእ ሕታም ተኸታተሉ።)

# ዜናዊ ጽብጻብ

## ኣኼባታት ጨናፍር ተሓኤ ኣብ ሱዳን

ኣብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ እተመርጹ ሓደስቲ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዕለት 11.08.2006 ናይ ጨንፈር ካርቱም ናይ ጨንፈር ከሰላን ኣኼባታት ብምክያድ፡ ውጽኢት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንኣባላት ውድብ ገሊጾም።

ኣብ ካርቱም ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፡ ምስ ብጻይ ሲራክ ዘመንፈስ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ብምትሕብባር፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ዕዉት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ብምግላጽ ነቲ ኣኼባ ከፊቶሞ።

ኣስዒቡ፡ ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዘሕለፎ ንኹሉ ዝጥርንፍ ሰልፊ ምምስራትን፥ ጉዳይ ዘይምእኩል ምሕደራን፥ ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲን ኣመልኪቱ፡ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስ ዘለዎ ዓቢ ትርጉምን ኣገዳስነትን ሰፊሕን ዓሚቕን መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ዚ ኣብ ጂረፍ ኣብ ክበብ መንእሰያት እተኻየደ ኣኼባ እዚ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝቕመጡ ብዙሓት ኣባላት ውድብ ተሳቲፎሞ ነይሮም። ከምኡ ውን፡ ብጻይ ጸጋይ መዝገበ፡ ምኽትል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፡ ብጻይ ዓብደልቓድር ኣልዑግድን ብጻይ ማሕራይ ሓጐስን፡ ተጠባበቕቲ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሳቲፎም ነይሮም።




6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
23-27 ሓምለ 2006